# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.259 | ሰሉስ 30 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጠንቅታት ስርዓተ ምስትንፋስ






ገጽ 4


ክውረስ ዘሎዎ ሰውራዊ ክብርታት

ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 10




# ከረን - ንግፍዕታት ጸላኢ ዘጉልሕ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሓደ፣ ዋጋ ናጽነት ክሳብ ክንደይ ረዚን ምዃኑ ድማ በቲ ካልእ ዘጉልሕ ስእላዊ ምርኢት፡ ብ27 28ን ሰነ ንህዝቢ ቀሪቡ።

ብርክት ዝበሉ ኣብቶም ኣብ ሰነዳት ጸላኢ ዝተረኽቡን ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብፖሊስ ኤርትራ ዝቐረቡን ስእልታት፡ ኣብ 1960ታትን 1970ታትን ኣብ ማእከል ከተማ ከረን ናይ ዝተፈጸመ ባርባራዊ ግፍዒታት ኲይኖም፡ እቲ ምርኢት ኣብ ቦታ ፍጻመ ምቕራቡ ረዚን መልእኽቲ ከምዘመሓላለፈ ተገሊጹ።

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ልብሱ ተስፋሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ምርኢት ንገለ ካብ'ቲ ብጕዛእቲ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸመ ዘሰካሕክሕ ግፍዓታት ብጭቡጥ ዘርኢ ብምዃኑ፡ ኣብ ምስግጋር ታሪኽ ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ግደ ከምዘህልዎ ኣሚቱ።

ውጹእ መዓትን ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ጸላኢ - ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምቝጻይ ከቢድ ግፍዕታት ከምዝፈጸመ፣ እንተኾነ - እዚ ንህዝቢ መሊሱ ከምዘሕረኖን ምስ ሰውርኡ ዝነበሮ ርክብ ከምዘደልደለን ከምዝገበረ ገሊጾም።

እቲ ምርኢት፡ ናጽነት ብከቢድ ዋጋ ከምዝመጸት ዘኽእር ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ክድፋኣሉ ተላብዮም።

መንእሰያት ብወገኖም፡ እቲ ምርኢት - ነቲ ብታሪኽ ጥራይ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ግፍዕታት ግዛእቲ ብስእሊ ምቕራቡ፡ ብዝቐለለ ንምርድኡ ዝሕግዝ ሓይሊ ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ ንመንእሰያት ብፍላይ ዚያዳ ሓላፍነት ከምዝሰከም ኣገንዚቦም።



እቲ ስእላዊ ምርኢት፡ ኣቐዲሙ ብምኽንያት 20 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ ቀሪቡ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

ግዝኢቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ህዝቢ ኤርትራ ንምርዓድ፡ ካብ 1964 ክሳብ 1976 ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ኩናት ናይ ዝተሰውኡ ተጋደልቲ ሬሳታት ኣብ ማእከል ከተማ ከረን ይሰቅልን ይሰጥሕን ከምዝነበረ ዝዝከር'ዩ።

# ጎልጅ - ጥሪት ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ጥዕና ከምዝርከባ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ጥሪት ብዝተገብረለን ዘሎ ቀጻሊ ሕክምናዊ ክንክን፡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ጥዕና ከምዝርከባ፡ ተጸዋዒ ጥዕና እንስሳታት ኣቶ ሰረቐ መድሃኔ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ልዕሊ 200 ሽሕ ከብቲ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ኣጣል፡ ልዕሊ 360 ሽሕ ኣባጊዕን ልዕሊ 14 ሽሕ ኣግማል ከምዝርከባ ብምጥቃስ፡ ጥዕና እንስሳን ኣከባቢን ንምውሓስ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ዝካየድ ስራሕ እወታዊ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ሓቢሩ።

ንኡስ ዞባ ጎልጅ ምስ ክልተ ሃገራት ስለዝዳወብ፡ ፍኑው ምንቅስቓሳት ካብን ናብን ዘሰዕቦ ስግረ-ዶባዊ ሕማማት ንምክልኻል ቀጻሊ ኮለላታት ከምዝካየድ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት፡ ወነንቲ ጥሪትን ጓሶትን እዋናዊ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ ንዝገብርዎ ምትሕብባር መጒሱ።

ኣብ 2026 ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ጉልሓይ-መሰል ሕማም ከብቲ ስለዝተራእየ፡ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ልዕሊ 40 ሽሕ ከብቲ ክኽተባ ከለዋ፡ ኣብ ጤለ-በጊዕ'ውን ተመሳሳሊ መደብ ከምእተተግበረ፡ ኣቶ ሰረቐ ገሊጹ።

ኳ-ኳ'ዘ፡ ወፍሪ ክታበት ጸረ ዕቡድ ከልቢ ከምዝወሃብ'ውን ኣረዲኡ።

ኣቶ ሰረቐ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ መንጉላ፡ ሳቡናይት፡ ገርገፍን ዓድ ሸጋላን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ንመገሃጫታት ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ንዘውዓሉ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰደሎም ብምትሕስሳብ፡ ራህያታት ዕቱብ ቁላሕታ ክግበረለን ተላብዩ።

ወነንቲ ጥሪት ብወገኖም፡ ጥሪቶም ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ሳላ ዝረኸባ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዝርከባ፣ እንተኾነ ኣብ መገሃጫታት ብሰንኪ ዝርአ ሸለልትነት ጥሪቶም ግዳይ ኮይነን ስለዘለዋ፡ ዝምልከቶ ኣካል ቁላሕታ ክጉብረለን ጸዊዖም።



# ሜጀር ኣልማዝ ሃይለ ተሰዊኣ

ኣባል ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን - ገዲም ተጋዳሊት ሜጀር ኣልማዝ ሃይለ፡ ብ2 ሰነ ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድመኣ ኣብ ከተማ ለንደን - ዓባይ ብሪጣንያ ብሕማም ተሰዊኣ።



ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈት ተጋዳሊት ኣልማዝ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት መሪሕነት - ፋሕ፡ ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈትን ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕን ኣብ ዕቃበ ምስጢራዊ ሰነዳት ውድብ፡ ኦርኒክ ተጋደልትን መዘገብ ስዉኣትን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዜናን ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ኣብ መዳይ ሰነዳ ዓቢ፡ ውፉይን ኣበርክታውን ኣበርክቶ ዝገበረት ሓርበኛ እያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ ድማ፡ ብ25 ሰነ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳሊት ኣልማዝ ሃይለ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤታ፡ መቓልስታን መሳርሕታን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ንዓቕሊ. ጽበት ሰልፊ ብልጽግና ዘግሃደ ህውተታ

ቅብጸት-ተሰኻ ሰልፊ ብልጽግና ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወሪዱ ከም ዝሎ እናጎልሐ ይመጽእ ኣሎ። ዓቕሊ. ጽበቱ ኣብ ዝግህደሉ ናይ መወዳእታ ነጥቢ. ዝበጽሐ ድማ ይመስል። ብመንግዲ'ቲ ህውታትያን ተላኻፊን ጌታቸው ረዳ ዘጋወሖ ኣዘዩ ኣሰልካዩ ናይ ሓሶት ጠቐነታት ኣብ ልዕሊ. ኤርትራ ድማ ንእሹቶ መርኣያ ጥራይ'ዩ።

ጌታቸው ረዳ ከም እሙን ተንታኒ ፖለቲካዊ መወከሲ.ን እንተ ተወሲዱ፤ እቲ ቅድሚ ሕጂ - ኣብ እዋን ኩናት ትግራይ ኣብ ቴለቪዥናት ኮነ ናይ ማሕበራዊ ሚድያ ሕሳባቱ ብዛዕባ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢይ ኣሕመድ ይኹን ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተዛረቦ እልቢ. ዘይብሉ ጸየፍን ሰዲን ዘረባታት'ውን ከም ቅቡል ገይርካ ክውሰድ ኣለዎ ማለት'ዩ።

ገለ ካብ'ቲ ብዛዕባ ኣቢይ ኣሕመድን ሰራዊት ኢትዮጵያን ዝዛረቦ ዝነበረ ናይ ምስትንዓቕ ዘረባታት ንምጥቃስ ዝኣክል፥

-"ኣቢይ ኣሕመድ ናይ ፖለቲካ ድንኩ.'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ንበር ኩነታት እትርከብ ሃገር ነይራ እንተትኸውን ኣብ ሆስፒታል ሕመማት ኣእምሮ ወይ ናይ ተሃድሶ ማእከላት ኣትዩ ኢጋጠምዎ ዘሎ ቀውሲ. ክፍወሰ'ዩ ዝግባእ ነይሩ።"

- ኣቢይ ኣሕመድ፥ ኣዒኡ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ቁልዓ እንክሎ፥ ኣብ ሕልሚ ክሰግሮ ከም ዝርኣዮ ንዝተዛረቦ፥ ከም ሓቂ ኣሚኑ ብኩርዓት ዝጀሃር ህውታትያ'ዩ።"

- ኣቢይ ኣሕመድ፥ ብኢጋጣሚ ኣብ ስልጣን መጺኡ፥ ዓቢ. ዕንወት ናይ ዘውርዱ ዘይብቑዓት ሰብ እቲ ልክዕ ተምሳል'ዩ።"

- ኣቢይ ኣሕመድ ብዘይ ምትላልን ምድንጋርን ሃገር ክመርሕ ዘኽእል ሰብ ኣይኮነን።"

- ኣቢይ ኣሕመድ ሓንቲ ትምህርቲ የብሉን . . ክመይ ገይሩ PHD ረኺቡ ብልክዕ ንምፍላጥ ምኽንያታዊ ሕቶ ክትሓቶ ድማ ግዜን ዕድልን ኣይህበካን'ዩ።"

- ኣቢይ ኣሕመድ፥ ከም ኣቡት ናይ ሃገራዊ ክድዓት ኣብ መማሃሪ መጽሓፍቲ ክቐርብ ዝኽእል'ዩ። ክንዲ. ዝኾነ ብዛዕባ ልኡላውነት ክዛረብ ሞራላዊ ባይታ የብሉን።"

- ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ'ዛ ሃገር ዝቐለ መርዝም ጃህያይ'ዩ።"

- ጀነራል ብርሃኑ ጁላን ካልኦትን ብቑዕ ሰራዊት ኣይኮኑን ዝመርሑ ዘለዉ። እተን ዝበርኣም ሓደት ወተሃደራዊ ፍልጠት'ውን ኣጥፊኦምወን እየም። ከም ጠጁ ትእዛዝ ናይ'ዚ. ዕቡድ መራሒ. ኣብ ምትግባር'የም ዝርከቡ። እዚ. ጸረ-ህዝቢ. ሰራዊት፥ ብዓይኒ-ብለይ ሰኒ-ብለይ ናይ ኣቢይ ኣሕመድ ኣጀንዳ ወግእ ከተግብር፥ ኣብ ልዕሊ. ሰላማዊ ህዝብን መንእሰያትን ዘይተኣደነ መቕዘፍቲ ዘውርድ ዘሎ'ዩ". . . ወዘተ።

ጌታቸው ረዳ ካብ'ቲ ዘይርጉእ ኩነት-ኣእምሮኡን ዝኣለጦ ፖለቲካዊ መርገጺታቱን ዝበገሰ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ዊን ዝበሎ ንሓድሕዱ ዝገራጮ መግለጺታት ዘቕርብ ሰብ'ዩ። ኣብ'ዚ. ቀረባ እዋን፥ ምስቲ ኣቐዲሙ መወዳእታ ዘይብሉ ኩምራ ጸርፊታት ዘዘንበሉ ዝነበረ ፊደራል መንግስቲን ቀዳማይ ሚኒስተሩን ብሎጻዊ ኪዳን ድሕሪ ምፍጣሩ፥ ተሰልቢጡ ኑቲ ዓሰርተታት ዓመታት ሒዙዎ ዝነበረ ፖለቲካዊ እምነት ብዘይ ሕንከት ከናሹ ይስዕዓ ኣሎ።

ኣብ'ዚ. ቀረባ እዋን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፥ ብዛዕባ'ቶም ናይ ቀደም ብጾቱ ክጨርቕ እንክሎ፥ "ትግራይ ናጻ ሃገር ክትከውን ዝበሉ ብዙሓት'የም። ኣነውን ምውቕ ክብለይ እንክሎ (ብኣልኮላዊ መስተ) ከምኡ እብል ነይረ" ምባሉ ይዝከር።

ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ከም ዝገልጽዎ፥ ጌታቸው ዳርጋ መዓልታዊ ክብሃል ብዝኸኣል ደረጃ፥ ካብ ምሸት ክሳብ ወጋሕታ ኣብ ሰኽራንቶ ዘሕልፍ። በዚ. ምኽንያት'ዩ ድማ "ቮድካቸው" ዝብል ሳጓ ዝጠበቆ። ስለ'ዚ. ፖለቲካዊ መርገጺኡ ዕለታዊ ዝላኸዕ'ዩ።

ሓለፍቲ ዝኸደሎ መግለጺታት ናይ ከም'ዚ. ዝኣመሰለ በገሚንዶ ፖለቲካ፥ ብኸመይ መንገዲ ዕቱብ ሚዛን ክወሃቦ ይኽእል፧

እንተ'ቲ ኣብ'ዚ. ዳሕረዋይ እዋን ኣንጻር ኤርትራ ዘሁተፍተፎ ጸልእን ቁጥዐን ዝመልኦ ብዙሕ ሃለውለው፥ መልሲ. ክትህበሉ ዝደፍእ ነጥቢ.'ውን የብሉን። ክንዲ. ዝኾነ ኣብቲ "ኤርትራ ንኢትዮጵያ ንምድኻምን ንምዕናውን ብውዲታውያን ሓይልታት ዝተፈጥረት ሃገር'ያ" ዝበሎ ዘንቀደ ጸለመን ናይ ታሪኽ ምጥምዛዝን ጥራይ ክትተኩር።

እዚ. ታሪኽ ናይ ምጥምዛዝን ንድሕሪት ናይ ምምላስን ጉጣዩ ሃቐ፥ ብልጽግና ናይ ኩናት ኣጀንዳኡ ርትዓዊ ንምምሳል ደይ መደይ ኢሉ ዘንበድብዶ ዘሎ ምኽኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ.'ዩ።

የጉዳስ ታሪኽ ኣ. ዝስዕብ ሓቂታት'ዩ ዘረጋግጽ፦

1.ኤርትራ ኣብ 1940ታት - እዋን ምዝርዛር ቤዛዊ መግዛእቲ፥ ዘይገለ ማሳላ ንናጽነት ተመዚ.ዓ ጁኦፖለቲካዊ ረብሓታት ሕብራት መንግስታት ኣመራጽ ካልኦት ሓይልታትን ንምሕላው ተባሂሉ፥ ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም እትቕረን ተገይሩ።

2.መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ. ሕዳር 1962 ኑቲ "ፌደራላዊ ውዕል" ብኣደ ወትሩ ኣፍሪሱ ንኤርትራ ክጉብጣ ከሎ፥ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ - ንተመሳሳሊ. ፖለቲካዊ ሕሳባት፥ ብጭቑ ክብል ኣይተሰምዐን።

3ኤርትራን ህዝባ፥ ከቢድ ጸር ሃገራዊ ናጽነት ተሰኪ.ሞም፥ ን30 ዓመታት መሪር ቃልሲ. ከሊዩዎን ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉን ተገዲዶም'የም። ኣብ'ቲ እዋን'ውን እንተኾነ፥ ዓለም ብፀለማ ጠለ.ሙየም'ያ። ካልእሲ. ይትረፍ፥ ንሕጋዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነት ዝበረቶ ሞራላዊ ይኹን ንዋታዊ ደገፍ ኣይሃበርን። ብኣንጻሩ፥ ብግዝኣተ ንዕኡ ብዝምለወ ወተሃደራዊ ጉጅለን ትምራሕ ዝበረት ኢትዮጵያ፥ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፥ ሕብረት ሶቭየት፥ ሃገራት ኤውሮጳ እስራኤል፥ ከምኡ'ውን ገለ ሃገራት ዓረብ፥ ኢስያ፥ ኩባን ካልኦትን ገዚፍ ወተሃደራዊ፥ ቁጠባውን ፖለቲካውን ደገፍ ይግበረላ ነይሩ።

4.ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለ ኩነታት'ውን ካብ'ቲ ናይ እዋን ቃልሲ. ዝፍለ ኣይኮነን። ሰርዓት ኢትዮጵያ ንዝኣተዎ ሕጋዊ ውዕላት ብቐንዱ ድማ ኑቲ ኣመሪካ፥ ሕብረት ኤውሮጳ፥ ሕቡራት ሃገራትን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ከም ኣውሓስቲ ዝኸተሙሉ ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ኮሚሽን ዶብ ጥሒሱ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ንልዕሊ. 20 ዓመታት ብወረር ክሕዝ ከሎ፥ ዓበይቲ ሓይልታት ብዓብኡ ድማ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እቲ ዝግባእ ስጉምቲ ዘይምውሳዶም፥ ብዋጋ ፍትሕን ርትዕን ንዝበ.ብ ረብሓታት ምቛጦም ዘኩልሕ'ዩ።

5.ኣብ'ዚ. ህልው ሰርዓት ኢትዮጵያ ኣጀንዳ "ልኡላዊ መሰት ባሕሪ" ብምልዓል ነጋሪት ኩናት ዝደስቕሉ ዘሎ ህሞት'ውን እንተኾነ፥ ንኢትዮጵያ ዝገበር ጸዕቕ ክንክን ቀጺሉ'ዩ። 3 በልዮን ዶላር ዝኾነ ደገፍ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፥ ኣብ መስመር ኣሎ። ሕብረት ኤውሮጳ'ውን ባጀታዊ ደገፍ ዘጠቓልል ሓገዝ ንምግባር ቃል ኣትዩ'ሎ። ጉኒ-ጉኑ'ውን ሃገራት ኤውሮጳ ኢሰያ፥ ማእከላይ ምብራቕን ካልኦትን ንኢትዮጵያ ዝዑበርኦ በይናዊ ክልተኣዊ ደገፍ ቀጺሊ.'ዩ። ኩሉ'ዚ. ኑቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ፍሉጥ ሓቂ "ጸዑቕ ክንክን ንኢትዮጵያ" ዘጽርዩ'ዩ።

6.ገለ ጸብጻባት ከም ዘዘርዎ፥ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ. 30 ዓመታት፥ ብድምር 114 በልዮን ዶላር ደገፍ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ረኺባ'ያ። እዚ. ገዚፍ ሓገዝ ድማ፥ መሻደ. እምበር፥ ከም'ቲ ዝበሃል "ንኢትዮጵያ ንምድኻምን ንምዕናውን ካብ ዝግበር ተጻኢ" ንምድሓን ዝምጥ ከምዝይካ ርእሱ ግሉጽ'ዩ።

ብሓጺሩ፥ ጌታቸው ረዳ ዝበሮ "ትንታኔ" ብዙሕ ሚዛን ዝወሃቦ ኣይኮነን፥ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ሰልፊ ብልጽግና ን"መለዓሊ."/"መረሳዕ" ክጥቀመሉ ምፍታኑ ድማ፥ መርኣያ ዘለዎ ኩነት ቅብጸት-ተሰኻ ጥራይ'ዩ።

ዜና

# እምኒ ሓይሊ - ዝተወሃሃደ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፥ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ከይተረፈ. ዝተወሃሃደ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ይካየድ ከም ዘሎ፥ ኣወሃሃዲ. መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ታደሰ ገብረእየሱስ ሓቢሩ።

ኣቐዲሙ ብዝተገብረ መጽናዕቲ ኣብ'ተን ዕድል ትምህርቲ ከይረኸበ ዝጸንሓ ከባቢታት 11 ኾቕጣታት ትምህርቲ ንዓበይቲ ተኸፊተን፥ ድሮ ዝበዝሓ ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 237 ተመሃሮ ይሳተፉ ከም ዘለዉ'ውን ገሊጹ።

መሃይምነ ኣሊ.ኻ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንምቕራብ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመታት ዝተበጋገሰ መደብ ወጽኢት ኻኽህብ፥ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ምስ ኣካላት መንግስትን ማሃበርን ተወሃሂዱ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ብዘወሃሃሽ፥ ኣብ'ቶም መሃይምነት ዘጥፍኡ ደግሲ. ንኽፈርግጥምን ቤሊ. ንቡብ ንምዕባይ፥ ኣብ ደርጎን ዓደውሐ.ን ኮማዊ ኣብያተ-ንብቦ ተኸፊተን'ኪ፥ እንተለዋ ተጠቃምት ከም'ቲ ዝደለ ሰለዘይኮኑ ህዝቢ. ብግቡእ ክጥቀመለን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ደቀንስትዮ ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፥ ብሰንኪ. ራሕቒን ማሕበራዊ ጸገማትን ኣብ ግዜኡ ክረኽብኦ ዘይክኣላ ዕድል ትምህርቲ ዳግማይ ብምርካበን ሓጎሰን ብምግላጽ፥ ድሮ ክጽሕፋን ከንብባን ከም ዝኸኣላ ሓቢረን።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ኤርትራ ንኣብነታውያን መምህራን ኣተባቢዑ



ስእሊ. ዙበር ስዒድ

ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስወራን ኤርትራ፥ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስወራን ኣብርሃ ባህታ ን40 ዓመታትን ልዕሊኡን ኣብ ምምሃርን ምእላይን ተመሃሮ ልዑል ኣበርክቶ ንዘበርኩ ኣተባቢዑ።

ብ26 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፥ ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስወራን ኣብርሃ ባህታ መምህር ገብረእግዚኣብሄር ገብረእየሱስ፥ እታ ቤት-ትምህርቲ ብውሑድ ቁጽሪ ጀሚራ፥ ሎሚ ካብ መላእ ሃገር ንዝመጽኡ 130 ዓይነ-ስወራን ተምህሮን ትናቢ.ን ከም ዘላ ብምጥቃስ፥ እቶም ዝተተባብዑ ኣባላት ኣብ'ዚ. መዳይ'ዚ. ርእይ ተራ ዝበርዎም ምኻኖም ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፥ ናይ ክብሪ ዕዱም - ሓለቓ ጠቕላሊ. ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፥ ኑቶም ኣብነታውያን መምህራንን ኣለይትን ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን ዓዲሎም።




ሱሌማን ኣሕመድ

# ጠንቅታት ጸገማት ስርዓተ ምስትንፋስ

ስርዓት ምስትንፋስ፡ ብመንገዲ ሳንቡእ ናብ መላእ ኣካላትና ንዘርከቡ ዋህዮታት ኦክስጅንን ካርቦን ዳይኦክሳይድን ንኽቀያየሩ ዝሕግዝ ኣገዛብ እዩ። ብኣፍናን ኣፍንጫናን ዝኣተዉ ኣየር፡ ብጉርጉማ ኣቢሉ፡ ኣብ ሳንቡእ ናብ ዝርከቡ ንኣሽቱ ከረጺታት (alveoli) ይኣቱ። ኣብዚ ከረጺት'ዚ እቲ ኦክስጅን ናብ ደምና ክሕወስ እንከሎ፡ እቲ ዝተቓጽለ ኣየር ማለት ካርቦን ዳይኦክሳይድ፡ ካብ ደምና ተፈልዩ ይተርፍ። ብኣፍና ወይ ኣፍንጫና ኣቢሉ ድማ ናብ ደገ ይወጽእ።

ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ፡ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኸውን ይኽእል እዩ። ጉንፋዕ ወይ ኢንፍልወንዛ፡ ኣዝማ ወይ ብሮንካይት፡ መጥቃዕቲ ልብን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ዘለዎ ሰብ ጸገም ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ ከርኢ ንቡር እዩ።

ሕክምና ኣብ እንኸደሉ እዋን፡ ዶክተር ሓደ ካብቲ ተቐዳዲሙ ዝልክዖ ስርዓት ምስትንፋስና እዩ - ኣብ ደቒቕ ክንደይ ኣስተንፋስ ኣለና ንምፍላጥ። እቲ ንቡር መጠን ምስትንፋስ ኣብ ደቒቕ ምስ ዕድመ ይፈላለ እዩ። እንተኾነ፡ ሓደ ተዛራቢ ኣብ ዕረፍቲ ዝርከብ ሰብ ኣብ ደቒቕ ካብ 12 ክሳብ 20 ሳዕ የስተንፍስ።

ኣብ ደቒቕ ክንደይ ኣስተንፍስ ኣለና ባዕልና ክንለዮ ንኽእል ኢና። ክሳብ ሓደ ደቒቕ ምጽባይ ዓቕሊ ምስ ዘይህልወና ድማ ኣብ 15 ካልኢት ዘለና ምስትንፋስ ዓቂንና ብ 4 ብምርባሕ ክንቅምር ንኽእል። ምስትንፋስካ ጸቢቑ ምስ ዘይህሉ ናብ ሓኪም ብምኻድ እቲ ጸገም እንታይ ምኽንያት ብኣግኡ ክተለልዮ ይግባእ።

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ፡ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ ብዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ዝኽሰት ኮይኑ፡ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ግን፡ እቶም ዝፍጠሩ ጸገማት ስርዓት ምስትንፋስ ብዓይነቶም ኣዕሚቝና ክንዘርዝር ክንፍትን ኢና።


## 'ሃይፐርቨንቲሌሽን' (Hyperventilation)

እዚ ኣካላትና ካብቲ ዘድልዮ ዓቐን ምስትንፋስ ምስ ዝቐልጥፍ ዝኽሰት ጸገም ኣተፋፍሳ እዩ። ብዙሕ ምስ እነስተንፍስ ልዑል ካርቦን ዳይኦክሳይድ ካብ ኣካላትና ነውጽእ ኣለና ማለት እዩ። እዚ ድማ ምስቲ ኣብ ደምና ክህሉ ዝግብኦ ዓቐን ኦክስጅን ዘይመዛዘን ኣይከውንን።

'ሃይፐርቨንቲሌሽን' ምውሳዋስ ኣካላት ኣብ እናካይደሉ እዋን ክኽሰት ይኽእል እዩ። ፍርሕን ሕማም ኣዝማን'ውን 'ሃይፐርቨንቲሌሽን' የስዕብ እዩ። ምድንዛዝ፡ ድኻምን ምዝንባዕ ኣደህባን ዝኣመሰለ ምልክታት፡ መለለዪ ናይዚ ጸገም ምስትንፋስ እዩም።

## 'ዲስፕኒያ' (Dyspnea)

'ዲስፕኒያ' ሕጽረት ምስትንፋስ ምስ ዘጋጥመካ ዝኽሰት ጸገም ኣብ ምስትንፋስ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣካላትና




እኹል ኣየር ይረኽብ ከም ዘየለ የመልክት።

'ዲስፕኒያ' ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ልብን ሳንቡእን የጋጥም። ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ልብን ሕማም ኣዝማን'ውን እዩ። ሃንደበት ሕጽረት ምስትንፋስ ምስ ዘጋጥመካ ተቐላጢፍካ ሕክምና ክትከይድ እዩ ዝግባእ።

ኣብ ልዑል ብራኸ ምስ እንህሉ'ውን ሕጽረት ምስትንፋስ ከጋጥመና ይኽእል እዩ። ድኹም ኣካላዊ ጥዕናን ምኽሳዕን ጠንቂ ሕጽረት ምስትንፋስ ይኾኑ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነት ሓኪም ኣተፋፍሳኻ ናብ ንቡር ንምምላስ ዝሕግዝ ኣገዛብ ምውስዋስ ኣካላት ክሕብረካ ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ናይ ኦክስጅን ሓገዝ ከም እትወስድ ብምግባር'ውን ነቲ ምስትንፋስ ናብ ንቡር ንምምላስ ጻዕርታት ይካየድ እዩ።

ኣካላትና ኣብ ዝተወሰነ ኣቀማምጣ ምስ ዝህሉ'ውን 'ዲስፕኒያ' ከጋጥመና ይኽእል እዩ። ንኣብነት፦

- 'ኦርቶፕኒያ' (Orthopnea)፦ ድኻም ልቢ ዘለዎም ሰባት ብኣፍ ልቦም ምስ ዝድቕሱ ሕጽረት ምስትንፋስ ከጋጥሞም ይኽእል። ስለዚ፡ ቀኒዖም ኮፍ ወይ ደው ክብሉ እዩ ተመሪጹ።
- 'ፓሮክሰስማል' (paroxysmal)፦ ኣብ ግዜ ለይቲ ሃንደበት ባህ ሪርና ብምትንሳእና ዝኽሰት ሕጽረት ምስትንፋስ እዩ። እዚ'ውን ምልክት ናይ ድኻም ልቢ ምኽኑ ሓኪይም ይገልጹ።
- 'ትረፖፕኒያ' (Trepopnea)፦ ዓይነት 'ዲስፕኒያ' ኮይኑ ብዝተወሰነ ጎንኻ ጥራይ ብምድቃስካ ሕጽረት ምስትንፋስ ከስዕብ ይኽእል። ምናልባት ብጼጋማይ ጎንኻ ጥራይ ብምድቃስካ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን ብኣንጻሩ።
- 'ፕላትፕኒያ' (Platypnea)፦ እዚ ሳሕቲ ዝርአ ኮይኑ፡ ደው ብምባልና ዝኽሰት ሕጽረት ምስትንፋስ እዩ። ኮፍ ምስ እንብል ድማ ክገድፈና ይርአ።

'ብራዲፕኒያ' (Bradypnea)

እዚ ኣካላትና እኹል ኦክስጅን ይረኽብ ከም ዘየለ ዘመልክት ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ እዩ። እቲ ኣተፋፍሳ ኣዝዩ ዘገምታዊ እዩ። ምልክት ጸገም ኣብ ሞታቦሊዝምን ሕጽረት ድቃስን ካልእን ክኸውን ይኽእል።

## 'ታኪፕኒያ' (Tachypnea)

እዚ ኣንጻር ናይ 'ብራዲብፕኒያ' ኮይኑ፡ እቲ ዓቐን ምስትንፋስ እናናሸዐ ብልዑል ናህሪ ዝቕልጥፍ እዩ። እዚ ምልክት ናይ ዝተፈላለየ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ - ንኣብነት ኒሞንያ።

'ሃይፐርፕኒያ' (Hyperpnea)

እዚ ልዑል ዓቐን ኣየር ናብ ውሽጢ ንምስሓብ ዝፍጠር ምስትንፋስ እዩ። ኣካላትና ልዑል ኦክስጅን ንኽረኽብ፡ ኣብ ግዜ ምውሳዋስ ኣካላት ወይ'ውን ሕክምናዊ ፍወሳ ከጋጥም ይኽእል። እዚ ዓይነት ጸገም ምስትንፋስ ናብ 'ሃይፐረቨንቲሌሽን' ክምዕብል ይኽእል።

## ብኹነታት ሳንቡእ ዝፍጠሩ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ

ብጥዕናዊ ኩነታት ናይ ሳንቡእ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ጸገማት ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ ሓያሎ እዮም። ኩሎም ድማ ህጹጽ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም እዮም።

## ኣዝማ

ኣዝማ ሻምብቆ ስርዓት ምስትንፋስ ምስ ዝሕበጥ ወይ ምቅጻል (inflammation) ምስ ዘጋጥሞ ዝስዕብ ሕማም እዩ። ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ሰዓልን ዓኽታን፡ ብሓይሊ ምስ ምስትፋስ ዝስማዕ 'ጺጽታ'፡ ምእሳርን ምዕባስን ኣፍ ልቢ ወዘተ ምልክታት ኣለዎ።

## ኒሞንያ

ኒሞንያ ረኽሲ ሳንቡእ ኮይኑ፡ ብምቅጻልን ምምላእ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእን ክስዕብ ይኽእል። መብዛሕትኦም ዓይነት ኒሞንያ ናብ ሞት ዘብጽሑ እዮም። ስለዚ፡ ብኣግኡ ግቡእ ክንክን ክንገብር ይግባእ።

- ሕጽረት ምስትንፋስ፡
- ሰዓል፡
- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
- ቁሪ ቁሪ ምባል፡
- ምርሃጽ፡
- ረስኒ፡
- ምቅጻል ጭዋዳታት፡
- ቅርጥማት ወዘተ ካብቶም ምልክታት ኒሞንያ እዮም።

## ምዕጋት ስራውር ደም (Pulmonary embolism)

ምዕጋት ስራውር ደም፡ ሓደ ወይ ብዙሓት ናብ ሳንቡእ ዝዝርግሑ ሻምብቆታት ደም ብምዕጻዎም ዘጋጥም ሕማም እዩ። እዚ ወጽኢት ናይ ኣብ ኣእጋርና ወይ ኣእዳውና ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና ዘጋጥም ምርጋእ ደም እዩ። እዚ'ውን ብኣግኡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን እንተዘይረኺቡ ናብ ሞት ክብጽሕ ይኽእል።

- ቃንዛ መሓውር፡
- ሕጽረት ምስትንፋስ፡
- ሰዓል፡
- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
- ቁሪ ቁሪ ምባል፡
- ምርሃጽ፡
- ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡
- ምድንዛዝ፡
- ሕጽረት ኣደሃህባ ወዘተ ምልክታት የርኢ።

## ጸቕጢ ደም (Pulmonary hypertension)

እዚ ናብ ሳንቡእ ኣብ ዘምርሕ ኣርተሪ ብዘጋጥም ጸቕጢ ደም ዝኽሰት ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብምጽባብን ዘይምምጣጥን ናይ'ቲ ሻምብቆ ደም፡ ጸቕጢ ብምፍጣር ክሳብ ድኻም ልቢ ከስዕብ ይኽእል።

ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም ወዘተ ካብቶም ምልክታት እዮም።

## ኪኹኪኹታ (Croup)

ብረኽሲ ስርዓት ምስትንፋስ ዝኽሰት ሕማም እዩ - ኪኹኪኹታ። ብዙሕ ግዜ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 3 ዓመት ኣብ ዘለዉ ህጻናት ዝርአ ሕማም እዩ።

ብኹነታት ልቢ ዝፍጠሩ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ

ኦክስጅን ዝሓዘለ ጽሩይ ደም ናብ መላእ ኣካላትና ዘጮንግዕ ኣካል ልቢ እዩ። ስለዚ፡ ልቢ ምስ ስርዓት ምስትንፋስ ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ።

ሕማም ኣርተሪ (artery disease)

እዚ ብሰንኪ ምጽባብን ምድራቕን ሻምብቆታት ኣርተሪ ዝስዕብ ሕማም እዩ። ከም ሳዕቤኑ ናብ ልቢ ዝበጽሕ ዋሕዚ ደም ስለ ዝጎድል ኣብ ጭዋዳታት ልቢ ክቢድ ዕንወት የውርድ። ምልክታቱ ቃንዛ ኣፍ ልብን መጥቃዕቲ ልብን እዮም።

## ምስ ምውላድ ዝመጽእ ሕማም ልቢ (Congenital heart disease)

እዚ ብተወርሶ ዝመጽእ ጸገም ኮይኑ፡ ኣብ ቅርጽን ተግባርን ልቢ ጸገማት ይርኢ። ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡ ሕጽረት ምስትንፋስን ካልእን ምልክት ኣለዎ።

'ኣሪትምያ' (Arrhythmia)

'ኣሪትሚያ' ዓይነት ዘይንቡር ህርመት ልቢ እዩ። ልቢ ቅልጡፍ ወይ ዘገምታዊ ህርመት ምስ እተካይድ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

## ድኻም ልቢ

ጭዋዳታት ልቢ ብምድኻሞም፡ ብግቡእ ደም ክጮንግዑ ብዘይምኽኣሎም ዘጋጥም ሕማም እዩ። እዚ ኣብ ሳንቡእ ፈሳሲ ክዕቀር ጠንቂ ዝኾነ ሕማም እዩ።

ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ ዝፈጥሩ ካልኦት ጠንቅታት

## ኣከባብያዊ ኩነታት

ከባብያዊ ኩነታት ሕጽረት ምስትንፋስ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ጠንቅታት እዮም። ከም ኣብነት፦

- ቁጥዐ (allergies) ኣብ ደርናኡ ሰቡ፡ ቀልቀል ወይ ጸምሪ እንስሳ፡
- ወጥሪን ፍርሕን፡
- ምዕጻው ኣፍንጫን ጎረሮን ብዓኸታ ወይ ዓልጋት፡
- ናብ በሪኽ ቦታ ብምድያብና ዝፍጠር ሕጽረት ኦክስጅን።

ንጸገም ስርዓት ምስትንፋስ ዝተቓልዐ መን እዩ

- ሕዱር ሕማም ሳንቡእን ልብን ዘለዎ።
- ቁጥዐ ዘለዎ።
- ብጭንቀትን ወጥርን ዝተዋሕጠ ሰብ።

ምኽሳዕን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነትን ዘለዎ ሰብ'ውን ብጸገማት ስርዓት ምስትንፋስ ክሳቐ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ጸገማት ስርዓት ምስትንፋስ ንምፍዋስ ዝሕግዙ ኣማራጺታት

ናይ ኣነባብራ ለውጢ

ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ ዘለዎ ሰብ ዝሰማምዖ ክሊማን ኣመጋግባን ክለሊ ከም ዘለዎ እዩ ዝምከር።


## ምጉዳል ወጥሪ

ወጥሪ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ የስዕብ ምኽንያት ካብ ፈለጥካ፡ ወጥሪ ንምጉዳል ክትጽዕር ይግባእ። ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ፡ መዚቃ ምስማዕ ግለ ካብቶም ወጥሪ ንምህዳእ ዝሕግዙ ኣገባብት እዮም።

## ብዘይካዚ ...

- ሽጋራ ምትካኽ ሓደ ካብ ጠንቂ ጸገም ኣብ ስርዓት ምስትንፋስን ካልኦት ሕማማትን እዩ። ስለዚ፡ ካብ ምትካኽ ምቑጣብ።
- ጥዑና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል። ኣብ እትምገበሉ እዋን'ውን ሃዲእካ ምጡን ዓቐን ክትበልዕ ይግባእ። መግቢ ምብዛሕ ንባዕሉ ጠንቂ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።
- ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር።

ምንጪ፦ medicalnewstoday



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ

ፋርስ ዮሴፍ

ኣብ መንጎ ሰባት ናይ መረዳኣታን ስነ መጎትን ፍልልይ ክህሉ ባህርያዊ እዩ። ዋላ'ውን ኣብ ኣዝዩ ግሉሕ ጉዳይ፡ ዓቢ ፍልልይ ክህሉ ንቡር ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ፍልልይ፡ ኣብ ገለ እዋን፡ ተጻራርነት እናሃሎዎ'ውን ቅቡል መጎት ኮይኑ ክቐርብ ይኽእል፣ ብመንጽር ባይታን ክውንነትን ናይ ነፍሲወከፍ ብሃልቱ ማለት'ዩ።

ናይ ሓሳብ ፍልልያት ብስነ ኣእምሮኣዊ ኵነት ናይ ሰባት ይቕለስ'ዩ። ኣብ መጎት ናይ ሓደ ሰብ ኣብ ምንታይ ኵነተ ኣእምሮ ዝተመርኰሰ'ዩ፣ ስለዚ ጥዕና ዘለዎ ኵነተ ኣእምሮ ድዩ፣ ኢልካ ምሕታት ሚዛን ኣተሓሳስባ ኣብ ምሕላው፡ ኣብ ዝንቡዕ ኵነተ ኣእምሮ ኴንካ ምሕሳብን ካብ ዝንቡዕ ኵነተ ኣእምሮ ሓበሬታ ብዘይ ምምማይ ምቕባልን ስለ ዘድሕነካ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻረርቲ ሓሳባት ዝፍጠር ኵነተ ኣእምሮ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ነገር ወይ ጉዳይ ሒዙዎ ዝጸንሐ ሱር ዝሰደደ ዝንቡዕ መረዳእታ፡ ብኻልእ ክውንነታዊ ሓቂ ክትካእ ከም ዘሎዎ ምስ ተገንዘበ ዘንጸበራቕ ኵነተ ኣእምሮ እዩ።

ተግንዝቦኣዊ ዘይምስናይ (Cognitive Dissonance)፡ ግንዛበ ዘድልዮ ሓደ ካብ ኩነተ ኣእምሮ ሰባት እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ ድማ ምስ ፍልስፍናዊ ጽሑፍ ኣለጎሪያዊ በዓቲ ብምትእስሳር ምስ ገለ ኣብነታት ነቕርቦ።

ኣብ ዛንታ ኣለጎሪያዊ በዓቲ፡ ኣብ መንጎ ሰቋራጠስን ሓዉ ንፕለቶ ግላይኮንን ኣብ ዝተገብረ ምጉት፡ ነዚ ኵነት ዝጉልሕ ፍልስፍናዊ ኣምር'ዩ።

ትሕዝቶ ናይቲ ዛንታ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ፥

ኣብ ሓደ በዓቲ ገለ እሱራት ካብ ህጻንነቶም ጀሚሮም፡ ዓለምና እንታይ ትመስል ከይርኣዩ፡ ብመቑሕ ተኣሲሮም ገጾም ናብ ሓደ መንደቕ ጥራይ ከም ዝርእዩን ከም ዘይንቀሳቐሱን ተገብረ። ብድሕሪ'ቶም እሱራት፡ ዝንቀሳቐሱ ባምቡላታት እናተገብረ፡ ጽላሎት ምንቅስቓስ ናይ'ዞም ባምቡላታት ድማ ብድሕሪት ካብ ዝፍኖ ሓያል ብርሃን መጋርያ ኣብቲ እቶም እሱራት ዝጥምትሉ መንደቕ ከም ዝልጠፍ ኮነ።

እሱራት ነዚ ብዝረኣዩ፡ ነቲ ጽላሎት ሓቀኛ ምስሊ ገይሮም ወሰዱዎ። ድሕሪ ግዜ ሓደ ካብ'ቶም እሱራት ካብቲ ቤት ማሕቡስ ኣምሊጡ ወጸኣ'ሞ፡ እቲ ኣብ መንደቕ ዝርእዮ ዝነበረ ምስሊ ምስ እቲ ኣብ ባይታ ዝረኸቦ ክውንነት ከም ዘይሳነ ፈለጠ። በዚ ድማ ነቲ ዝረኸቦ ክውንነት ንብጾቱ ንምሕባር፡ ካብቲ ዝሓዙዎ ግጉይ መረዳእታ ተምሳል (perception) ሓራ ክገብሮም'የ ኢሉ ብቕጽበት ናብኦም ተመልሰ። ይኹን እምበር እቶም ብጾቱ፡ እቲ ሓቂ እቲ ዝርኣዩዎ ኣብ መንደቕ እምበር ካልእ ሓቂ ከምዘየለ ድሕሪ ምሕባር፡ ንእምነቶም ዝፈታተን እምነት ሒዙ ብምምላሱ ኣዝዮም ተቔጥዑ። ዋጋ እምነቱ እውን ብሞት ክቕጽዑዎ ወሰኑ።

ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ኣብ ዓውደ ማሕበራዊ ስነ ልቦና (Socio-Psychology) ኣብ 1950ታት ብዕምቈት ዝተጸንዐ ክልሰ ሓሳብ ኮይኑ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብቐጻሊ እንርእዮ ስነ ኣእምሮኣዊ ኵነት'ዩ።

ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ኣብ ዝገጥመና እዋን፡ ብሰለስተ ቀንዲ መገድታት ግብረ መልሲ ንህብ።

1. መረዳእታና ናብቲ ኣብ ኣእምሮና ዘይጸንሐ ሓቀኛ ክውንነት ብኸፊል ክርዕም

2. ምስ ዝጸንሓና ኣተሓሳስባ ዝያዳ ክንርዕመሉ ዘኽእለና መገዲ ምድላይ፡ (Cognitive bias)

3. ንኹነተ ኣእምሮና ዘርግእ ካልእ ሓሳብ ብምንቃል

ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ብመንጽር ዕምቈት ሒዝናዮ ዝጸናሕና ግጉይ መረዳእታ ዝተፈላለየ ደረጃ ምምዝባል ተገንዝቦን (cognitive imbalance) ሳዕቤናትን ክህሉዎ ይኽእል። ካብ ሒዝናዮ ዝጸናሓና ግጉይ ግንዛበ ከይንወጽእ ንኽተሎ መገዲ፡ ንዕምቈት ጌጋ ርድኢትና ብምውሳኽ ናብ ካልእ ምዝንባዕ ወይ ሃተምተም ከምረሓና ይኽእል።

ኣብዛ ኣቐዲምና ዝርኣናያ ዛንታ ኣልጎርያዊ በዓቲ ተንጸብሪቑ ዘሎ ባህሪ፡ ኣብነት ናይዚ ኩነት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ ክውነንታዊ ሓቂ ዝተገንዘበ ሰብ፡ ነቲ ሓቂ ኣብ ብጾቱ ከንጸባርቖ እኳ እንተ ፈተነ ውጽኢቱ ከምቲ ዝሓሰቦ ኣይኮነን። እቶም እሱራት ሒዞሞ ዝጸንሑ ጌጋ መረዳእታ ክቕይሩዎ ኣይመረጹን። እኳ ደኣ ናብ ዝዓሞቔ ጌጋን ሳዕቤንን ኣምሪሖም።

ምስ ኵነታት ሃገርና ዝተኣሳሰር ኣብነት ምስ እንርኢ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክግበር ዝጸንሐ ናይ ጸለመ ዘመተ፡ ሰፊሕን ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ብምዃኑ ገለ ጽልዋ ገዲፉ እዩ። ኣብ ገለ ዜጋታት ዘሰረጾ ዝንቡዕ መረዳእታ ድማ ሓደ ኣብነት ይኸውን። ኤርትራ ኣብ ጉዕዞኣ ዘበርሁ ክውንነታዊ ሓቅታት፡ ነዞም ኣብ ዝንቡዕ መረዳእታ ዝጸንሑ፡ ናብ ዓሚቝ ተግንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ሸሚሙዎም እዩ።

መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዝተፈላለየ ኩናት፡ ተገንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ካብ ዝፈጠሩ ሓደ ኣጋጣሚ'ዩ። ኣብዚ መኸተ ዝተጸንባረቐ ግብረ መልሲ ሓድሽ ተርእዮ ኣይነበረን። ገለ ካብዞም ኣብ ጌጋ መረዳእታ ዝጸንሑ ኣንፈቶም ብምቕያር፡ ምስቲ ሃንደበት ጎፍ ዝበሎም ሓቂ ክርዕሙ ከለዉ፣ እቶም ዝተረፉ፡ "ህዝቢ ኤርትራ ኣኺልዎ እዩ - ብስደት፡ ቊጠባዊ እገዳታትን ፖለቲካዊ ተነጽሎን ተዳኺሙ ክጻወሮ ዝኽእል ኩናት የለን። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ናይ መወዳእታ ደረጃኡ በጺሑ እዩ፡" ኣብ ዝብል ጌጋ ኣተሓሳስባ ዝተሃንጸ ምግዱር መረዳእታ ናብ ዝዓሞቔ ግጉይ ኣንፈት ክኣትዉ ርኢና ኢና። ከም ውጽኢቱ ንኽብርታት ናይቲ ንጣበቐሉ ኢና ዝበሉዎ ህዝቢ ኤርትራ ዝጥሕስ፡ ንመስዋእቲ መስገደልን ታሪኽን ህዝቢ ኤርትራ ዘቈናጽብ፡ ነቲ ብዘይ ዓሰቢ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ግንባራት ዝተገደመ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘጸልም ቅጽላት ብምሃብ፡ ምስ ጸላእቲ ከደናገጹን ናብ ዝዓሞቔ ደልሃመት ከኣትዉን ርኢና።

እዚ ተርእዮ'ዚ ሓድሽ ክመስል ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ሳዕቤን ናይቲ ነዊሕ ዝሰረቱ ምግዱር መረዳእታ ጉዕዞ ኤርትራን ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ኵነታትን ዘስዓቦ ተግንዝቦኣዊ ዘይምስናይን እዩ።

ነዞም በዚ ኵነተ ኣእምሮ ተጸልዮም ዘለዉ ሰባት "ምሕረት የውርድ!" ብምባል፡ ጉዕዞና ክንቅጽል እናተላበኹ፡ ካብ ጽልዋ ተግንዝቦኣዊ ዘይምስናይ ክንድሕን፡ ዘሎና መረዳእታ፡ እምነት፡ መትከል ኣብ ፍልጠታዊ ተገንዝቦ ክምርኰስ፡ ኣእምሮና ንፍልጠትን ምስትውዓልን ክፉትን ቊሩብን ክኸውን ኣላቦ።

## ሓሳባት


# ክውረስ ዘሎዎ ሰውራዊ ክብርታት

ሚርያም ዮሴፍ

### ባህሊ ነቖፈታን ነብሰ ነቖፈታን

ሓደ ካብቲ ጌጋታት ኣብ ምእራም ኮነ እሩም ሰውራዊ ስነ ምግባር ኣብ ምኹስኳስ ዓቢ ተራ ዝነበሮ፡ ባህሊ ነቖፈታን ነብሰ ነቖፈታን እዩ ነይሩ። ገለኡ፡ ኣብዚ ሎሚ ኴንካ ከም ጌጋ ዘይትሓስቦ፡ ነቲ ሰውራ ግን መንነት ከልብሶ ካብ ዝኸኣለ ረቛሒታት ነይሩዎ። ኮይኑ ድማ፡ ክእረሙ ዝተደልዩ ባህርያት፡ ብቕሉዕ፡ ኵሉ ተጋዳላይ ብዝምሃረሉ ኣገባብ ናብ ሓፋሽ ይወርድን ግቡእ መደረኽ ነቖፈታን ነብሰ ነቖፈታን ድማ ይካየደሉን ነይሩ። ሎሚ ኣብ ትካላትና ወይ ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ፡ ነቖፈታን ነብሰ ነቖፈታን እንዘውትር ውሑዳት ኢና። ኣራሚ ዘይብሉ ጌጋታት ክንዲ ኰምራ ኮይኑ ክሳብ ዝጸቕጠ ኣይንጸበ። ካልእ ዘየማዕብለና ባህሊ'ውን ኣሎ። ኣብ ከባቢና ኮነ ኣብ ትካልና ብዓይኒ ነቖፈታ እንዕዘቦ ተርእዮታት፡ ኣብ ግቡእ ግዜን ቦታን ምዝራብ ገዲፍና፡ ድሕሪ መጋረጃ እንሓምን ካዕቦ ንምድርን ውሑዳት ኣይኮናን። "ኣብቲ ግቡእ መድረኽ ዘይተቐርቦ ወይ ዘይተቐርብዮ፡" ምስ ተበሃልና ድማ፡ "ትርጉም ንዘይብሉ እንታይ ኣምሲለ ኣፈይ ዘርስሕ፡" ዝበል ልሙድ ርእይቶታት ኣሎ። ኣፍና ከነርስሕ ፍቓደኛታት ምስ ዘይንኸውን፡ ግብራዊ ለውጢ ብዘየምጽእ ሕሜታ እዝኒ ሰብ ካብ ምርሳሕ'ውን ክንቊጠብ ኣሎና። ንዕቤትናን ዕቤት ትካላትናን ብሃናጺ መገዲ ክንተኣራረም ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ መድረኻት ድማ መቐያየምን መፈኻኸርን ዘይኮነ፡ ብግቡእ ክምሓደርን ውጽኢቱ ድማ ብእወታ ተረዲእና ክንምሃረሉን ንዕቤትና ሓጋዚ እዩ።

***



### ብቕዓት

ኣብ ሰውራ ምልስ ኢልና ሓደ ኣገዳሲ ተመኵሮ ንውሰድ። ሓደ ተጋዳላይ ክጋደል ንሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝጽንበረሉ እዋን፡ ኪንዮ ካላሽን ሒዙ ምውጋእን ጸላኢ ምግጣምን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ናጽነት ምዕታር፡ ካልእ ሕልሚ ኣይነበሮን። እቲ ኣብ ሰውራ ዝተተኽለ መንግስቲ ግን ኪንዮ ኩናት ዝኸተሉ ካልእ ዓውድታት ውሑድ ኣይነበረን። ኵሉ እቲ ክትኵስ ጥራይ ሓሊኑ ዝወጽአ ተጋዳላይ፡ ገለኡ ሓኪም፡ መምህር፡ መሃንድስ፡ መራሒ፡ ወዳቢ ወዘተ ብምዃን ብልዑል ብቕዓት ንሰውራ ኣበርኪቱ እዩ። "እዚ ኣይክእሎን፡ ሞያይ ኣይኮነን፡" ምባል ከም ኣምር'ውን ኣይሰማዕን። እዚ ከም ተመኵሮ ምቕሳሙ ኣገዳሲ እዩ።

ብቕዓት፡ መድረኽ ብዘየገድስ ኣገዳሲ ባእታ ህላወ እዩ። ክንሰርር ክንበቅዕ ኣሎና። ኣብ ዝተዋፈርናሉ ሞያታት ብልዑል ብቕዓት ምዕያይ፡ ኣብ ዝጸንከረ እዋን'ውን ንጸገም ካብ ምቅላዕ የድሕነና እዩ። ብቕዓት፡ ውጽኢት'ቲ ኣብ ሞያና ኮነ ኣብ ሒዝናዮ ዘሎና ዕላማ፡ ዘሎና ናይ ስራሕ ስነ ስርዓት ስለ ዘንጸባርቕ፡ ኣገዳሲ መዐቀኒ ደረጃና እዩ። ኣብ እንግድዓ ዝበቕዑ ሰባት ተሰቒልና እንብርኽን ዘበቓዕና ዝመሰለናን ሰባት እንተ'ለና ግን ነብስና ምፍታሽ ኣይጽላእን እዩ።

***

### ካብ ንኣይ ንብጻየይ

ሰውራ ኤርትራ ብጻይነት ብግብሪ ዝመሃረ ሰውራ እዩ። ክሳብ ናይ ህይወት መስዋእቲ ዝኸደ መግለጺ ብጻይነት ነይሩዎ። "ንኣይ" ዘይኮነ "ንኣና"፡ "ኣነ" ዘይኮነ "ንሕና" ዝብል ባህርያት ኰስኲሱ። ኣብዚ ብውልቃውነት ዝተዓብለለ ዘመናዊ ዓለም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ጽንኩር እዋን ዝተኾስኰሰ ኤርትራዊ ባህሊ ናብ ወለዶታት ክውረስ ኣሎዎ። እዝን ካልእን ክብርታት፡ በቶም ሕጂ ዘለና መእሰያት ክውረስ፡ በቶም ነዚ ክብርታት ዝፈጠሩ ወለዶ ድማ ክቕየስ ዘሎዎ ባህሊ እዩ።



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ገጠምትን ስነፍልጠተኛታትን

ሳሚ ተኽለ
ተሰነይ

ሚካኤል ሸርመር ዝበሃል ጸሓፊ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ንሓደ ምስ ምዉታን ከም ዝዘራረብ ብምግላጽ፡ ሰባት እናኣታለለ ሽሕር (magic) ዝገብር ዝነበረ "መንፈሳዊ እየ" በሃሊ ሰብ፡ ኑቶም ሰባት ንምዕሻው ዝጥቀመሉ ዝነበረ ኣገባባት ብምግላጽ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምስ ኣቃለዖ፡ ሓንቲ ካብቶም ክታልሎም ዝፈተነ ሰባት፡ "ኣኽብሮት ዝጎደሎ ተግባር ፈጺሙ፡" ብምባል ንሸርመር ከሰሰቶ። ብዙሓት ካብቶም ምስኣ ክዕሸዉ ተቐሪቦም ዝነበሩ ሰባት'ውን ኣብቲ ኣንጻር ናይ'ቲ ጌጋ እምነቶም ዘዕነወሎም ሰብ ዝኸፈተቶ ክሲ ሰዓብዋ።

ከምዚኣም ዝበሉ ተርእዮታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ተኸሲቶም'ዮም። እቲ ንስነ-ፍልጠተኛ ጋሊለዮ ዘጋጠሞ ፍጻመ ግን ብዝያዳ ይዝከር። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኩሎም ኣብ ሰማያት ዝርከቡ ኣካላት፡ ፍጹም ዓንኬላዊ ቅርጺ ከም ዝነበሮም ይእመን ነበረ። ከዋኽብቲ፡ ወርሕን ጸሓይን፡ ምስቲ ዝእመነሉ ዝነበረ መለኮታዊ ባህሪኦም ብምትእስሳር፡ ኣብ ገጸተን ሓጥ-ጎባጥ ክህልወን ዝሕሰብ ኣይነበረን። ናይ ቤተ-ክርስትያንን ናይ ኣረስቶትልን ንነዊሕ ግዜ ተቐባልነት ዝነበሮም ኣተሓሳስባታት ብምብዳህ ዝፍለጥ ጋሊለዮ ጋሊሊ፡ ተሌስኮፕ ተጠቒሙ፡ ኣብ ገጽ ወርሒ ጎቦታት ዝመስሉ ቅርጻታት ምስ ተዓዘበ፡ ኑቲ ሓበሬታ ዘመሓላለፈሎም ሰባት፡ ፍልጠቱ ሐዘ ክርሕቀሎም ደለዩ። ሰይጣን ኣብ እምነቶም ኪጋጥዮም ብምሕላን፡ በታ ተሌስኮፕ ከምቲ ጋሊለዮ ከም ዝረኣየም ዝገለጾም ጎቦታት ክርእዮም ከም ዝኽእል ብምግላጽ፡ ኑቲ እምነቶም ብጉብሪ ክምርምሩ ዕድመ ዘቐረበሎም ጋሊለዮ ኣቕበጹዎ።

እቲ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ብምጥቃም ኑቲ ሸሑራዊ ተግባር ዘቃለዖ ሸርመርን ንገጽ ወርሒ ብገዛእ-ኣዒንቱ'ኻ ክትርኢ ዘኽኣለ ስራሕ ጋሊለዮን፡ ንሰባት ካብ ምዕሻውን ድንቁርናን ዘድሕኑ ክንሶም፡ ብዙሓት ሰባት ዘይተሓጎሱሎም ምኽንያት፡ ክግለጹ ዘይክእሉ መስተንክራት ከም ዘለዉ ክንኣምን ባህ ዝብለና ብምዃኑ'ዩ። ስነ-ፍልጠት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ደባቱ እናኣስፈሐ፡ ዳርጋ ናብ ኩሎም መዳያት ህይወት ብርሃናቱ ክውልዕ ክኢሉ ኣብ ዘሎወሉ ግዜ፡ ኣንጻር ገለ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበታት ዝተዓጥቁ ኣካላት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ብውዱብ ኣገባብ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ።

ኣብ ልዕሊ ስነ-ፍልጠት ዘሎ ጽልኢ፡ ሰባት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ዝለዎም ጽልኢ ዘንጸባርቕ ኣይኮነን። እቲ ተፈራሒ ነገር፡ ምስ ምዕባለ ስነ-ፍልጠት ተቐባልነቱ እናዓዘየ ዝመጽእ ማተርያላዊ (ነገራዊ) ፍልስፍና'ዩ። ንህይወት ብመካኒካዊ ኣገባባት ኣብ ልዕሊ ዝገልጹ ኣተሓሳስባታት፡ ብዙሕ ተቓውሞታት ከለዓዕል ጸኒሐ። ካብቶም ኣቐዲሞምን ንነዊሕ ግዜን ኣንጻር'ዚ ንነገራት ብንጹራት ነገራውያን ኣገባባት ናይ ምግላጽ ዕማም ስነ-ፍልጠት ክቃለሱ ዝጸንሑ፡ ሃይማኖታውያንን ገጠምትን እዮም ነይሮም።

ኣብ መጽሓፍ "ትጽቢት ባህጉ"፡ ደራሲ በየነ ሃይሉ፡ "እቲ ዝበለጸ ሙዚቃ ዘይተደምጸ'ዩ ዝበለ እንግሊዛዊ ገጣሚ ተዘኪሩኒ፡" ብምባል ዝጠቐሶ ገጣሚ ጆን ኪትስ፡ ኣብ ሓንቲ ካብ ግጥምታቱ (Lamia 1820) ንሊቕ ፊዚክስ ዝነበረ ኣይዛክ ኒውተን፡ ቀስተ-ደመና ዝፍጠረሉ ምኽንያት ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ብምግላጹ ነቐፎ።

ኒውተን፡ ጩራ ብርሃን ብፕሪዝም ከም ዝሓልፍ ብምግባር፡ ኣብ ግዛኡ ቀስተ-ደመና ኣመንጪዉ። እዞም ንቐስተ-ደመና ዘቑሙ ሕብርታት፡ ካብቲ ኑቲ ፕሪዝም ዝሰንጥቕ ጩራ ዝተፈጥሩሉ ምኽንያት፡ እቲ ፕሪዝም ንብርሃን ናብቶም ዘቖሙዎ ሕብርታት ስለ ዝፈላለዮ ምንባሩ ኣስተውዓለ። በዚ ከኣ፡ ቀስተ-ደመና ኣብ ሰማይ ዝፍጠረሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሰማይ ዝህሉ ጠሊ፡ ከምታ ናይ ኒውተን ፕሪዝም፡ ንጩራታት ብርሃን ናብ መቐምያታቶም ከም ዝፈናጩሉ ስለ ዝገብር ምዃኑ ተበጽሐ።

ብኣረኣእያ ገጣሚ ጆን ኪትስ፡ ኣይዛክ ኒውተን፡ ቀስተ-ደመና፡ ጩራታት ጸሓይ ምስ ጠሊ ብምራኻቦም ዝፍጠር ተራ-ነገር ምዃኑ ምቅልዑ፡ ኑቲ ካብ ምስጢራውነት ባህሪኡ ዝነቅል ጽባቐ ቀስተ-ደመና ኣዕነዎ። ጆን ኪትስ፡ ኑቲ ቀስተ-ደመና ብምርኣይ ዝሰምዖ ዝነበረ፡ ካብ ወህደት ሕብርታትን ምስጢራውነቶምን ዝነቅል ኣኽብሮታዊ ኣድናቖት (awe)፡ ብሰንኪ'ቲ ንቐስተ-ደመና ናብ ርኹብ ብርሃንን ጠልን ዘውረደ መግለጺ (unweaving the rainbow) ስለ ዝኸሰሮ፡ ኒውተን፡ ኣፈጣጥራ ቀስተ-ደመና ብምግላጽ ፍልጠቱ ኣብ ምዕባይ ካብ ዝገበረሉ ኣበርክቶ፡ ንግድል ናይ'ቲ ጽባቐ ብምፍታሕ ኣገዳሲ ባእታ ኣድናቖቱ ንዝነበረ ምስጢራውነት ናይ'ቲ ጽባቐ ብምህፋፍ ዘውረደሉ ክሳራ ዝዛይድ ኮይኑ ረኸቦ።

ኪትስ ግን እቲ እንኮ ኣብ ልዕሊ ስነ-ፍልጠት ጽልኢ ዝነበሮ ገጣሚ ኣይኮነን። መንፈስ ኣንዝቡቲ፡ ብዓጺቕ ሓቅታት ስነ-ፍልጠት ከይደርቁ ዘጠንቀቑ ገጠምቲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያትን ቦታታትን ተፈጢሮም'ዮም። ከም ዊልያም ብሌክ ዝኣመሰሉ፡ መንፈስ ሰብ ካብ ቀይድታት ምጉት ነጻ ኮይኑ ኣብ ግጥማዊ ዓለም ከንሳፈፍ ዝሓልሙ ገጠምቲ ብዙሓት'ዮም።

ገጠምትን ስነ-ፍልጠተኛታትን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት ምዃኖም፡ ካብ ዓይነት ናይ'ቶም ሓቅታቶም ንምርካብ ዝጥቀሙሉም ኣገባባት ክትርዳእ ትኽእል። ነታ ገጠምቲ ብህድኣት መንፈሶም ብምጥማት፡ ትርጉም ሰቕታኣ ክሰምዑ ዝፍትኑ ዕንበባ በረኻ፡ ስነ-ፍልጠተኛታት ናብቶም ዝደቐቑ መቐምያታታ ኣዳቒቖም ብምምርማር እዮም ክርድኡዋ ዝፍትኑ። ገጠምቲ ነዚ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ፡ ንጽባቐ ዓይኒ ዘይብሉ ጭካነ ገይሮም ይርእዩዎ።

ገጠምቲ፡ በቲ ኣብ ዕራብ ጸሓይ ዝፍጠር ጽባቐ ክድነቑ እንከለዉ፡ ስነ-ፍልጠተኛታት ግን ምድረ-ሰማይ ከም ቀትሪ ተኾሊዑ ኩሉ ነገር ብንጹር ክግለጽ ይምነዩ። ገጠምቲ፡ ከምቲ ዊልያም ብሊይክ ኣብ ሓንቲ ካብ ግጥምታቱ ዝገለጾ፡ ንኹላ ዓለም ከም ሓንቲ ደቃቕ ጸጸር ኣኪቦም ኣብ ኢዶም ክጭብጡዋ ይሃርፉ፤ ስነ-ፍልጠተኛታት ከኣ፡ ኑቲ ዕብየታ፡ ጸጸር ብጸጸር እናጽንዑ ተመስጢሩ ዝተርፍ ኣካል ከም ዘይህሉዋ ገይሮም ክገልጹዋ ይፍትኑ። ስነ-ፍልጠተኛታት ንነገራት ብንጹር ናይ ምርኣይ ባህጎም ንኣዒንቶም ከይተረፈ ተወሳኺ ሓገዝ ከም ዝደልዩ ይገብሮም፤ ስነ-ጥበበኛታት ነታ ብንቕሓት ኣብ እተተኩረሉ እዋን እትስወር ጽባቐ ንምስዳዕ ኣዒንቶም ናይ ምርኣይ ስርሐን ከወንዝፋ ይብህጉ። ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ዋህዮታት ናይ ነገራት ይደልዩ፤ ገጠምቲ ግን መንፈሶም ንምርኻብ ይጽዕሩ። ገጠምቲ፡ ኣብ ልዕሊ ስነ-ፍልጠት ዘቐርቡዎ ዝነበሩ ወቐሳ፡ ስነ-ፍልጠታውያን ዋህዮታት ነገራት ንምርካብ ኣብ ዝገብሩዎ ፈተነ ኑቶም ዋህዮታት ስለ ዝቐትሉዎም፡ ገጣሚ መንፈስ ክረኽበሎም ከም ዘይክእል ዝገልጽ'ዩ።

ኣብ ታሪኽ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ስነ-ፍልጠት ክብሪ ዝነበሮም ገጠምቲ'ውን ነይሮም'ዮም። ናይ ቀርባ ዓርኩ ኑቲ "500 ኣይዛክ ኒውተናት ተደማሚሮም ክንዲ ሓደ ሼክስፒር ወይ ሚልተን ይኾኑ" ኢሉ ዝኣምን ተይለር ኮለሪጅ፡ ገጣሚ ዊልያም ዎርድስዎርዝ፡ እቶም ስነ-ፍልጠት ዘጽነዖም ዓውድታት፡ ድሕሪ ግዜ ንገጠምቲ ምንጪ ጽባቐ ዝኾኑ ርኽበታት ናብ ዝቐርቡሉ ደረጃ ክዓብዩ ምዃኖም ኣብ መእተዊ ናይ lyrical ballads ይጠቅስ'ዩ። ኮለሪጅ "ክንዲ 500 ኣይዛክ ኒውተናት" ምዃኑ ዝገለጾ ገጣሚ ጆን ሚልተን'ውን ኣብ ሓምሻይ መጽሓፍ ናይታ paradise lost ዝርኣስታ ግጥሙ (ኑቲ ንኣዳምን ሄዋንን ንምስሓት ናብ መሬት ዝጉዓዝ ዝነበረ ሰይጣን ኣብ ዘርኢ ክፋል)፡ ንጋሊለዮን ቴለስኮፑን ዝጠቕሰሉ ምኽንያት፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበሮ ክብሪ ንምርኣይ እዩ።

ስኮትላንዳዊ ገጣሚ ጄምስ ቶምሰን "To the memory of Sir Issac Newton" ኣብ ዘርእስታ ግጥሙ፡ እቲ ንኹሎም ነገራት ዘርእየና ብርሃን፡ ንባዕሉ ክሳብ'ታ ኒውተን ዝገለጾ ግዜ ከይተራእየና ምጽንሑን ኒውተን ብበሉጽ ሓንጎሉ፡ ኑቲ "ኣንጸባራቒ ልባስ መዓልቲ" ዘርዚሩ፡ ኣደናቒ ሓቂ ከም ዝገለጸልናን ጸሓፈ።

ስነ-ፍልጠት፡ ንርሑቕ ኣቕሪቡምን ንደቂቕ ኣፍርዩምን ብዘርእዩ መሳርሒታቱን ንክዉንነት ብደቂቕ ዝምርምሩ ኣገባባቱን፡ ሕብረተሰባት ንነዊሕ ዝሓብሓቡዎምን ዝፍቀሩዎምን ኣረኣእያታት ክብደህ ጸኒሑ። ኑቶም ናይ ሸሕር ተግባራትን ናይ ሰብ ግዜ (Contemporaries) ጋሊለዮ ድንቁርናን ንምግላጽ ዝፈጸሙዎም ስርሓት፡ ስነ-ፍልጠተኛታት ይቕረታ ዝሓቱሎም ኣይመስለንን። ስነ-ፍልጠት በቲ ውጹእ ጉብራውነት ኣገባቡ፡ ንገጠምቲ ዝረኣዩዎም ጽባቐታት ኣብ ምህፋፍ ዝጻወቶ ተራ ዝምልከት ጥርዓን ግን፡ ስነ-ፍልጠኛታት መልሲ ይህቡሉ'ዮም።

ሓፋሽ ኣብ ልዕሊ ስነ-ፍልጠት ዘሎዎም ኣረዳድኣን ተቐባልነትን ንምዕባይ ክሰርሑ ካብ ዝጸንሑ ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ፕሮፌሰር ሪቻርድ ዳውኪንስ፡ ኑቲ ናይ ገጠምቲ ጥርዓን ካብ ጌጋ ርድኢት ዝበገሰ ምዃኑ ንምግላጽ ዝዓለመ መጽሓፍ ኣሕቲሙ። ብኣገላልጻ ዳውኪንስ፡ እቲ ብሉጽ ግጥሚ ካብ ምንባብ ዝርኩብ ተምሳጥን ደስታን፡ ካብቶም ኣብዚ ግዜ ተበጺሖም ዘለዉ ሓቅታት ስነ-ፍልጠት'ውን ክርኩብ ዝኽእል'ዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ዳውኪንስ፡ ጽቡቓት ዝበሎም ዳህሳሳት ስነ-ፍልጠት ይዝርዝር።

ኣብታ ካብ ግጥሚ ኪትስ ብምብጋስ "unweaving the rainbow" ዝብል ኣርእስቲ ዝሃባ መጽሓፉ፡ ኒውተን ቀስተ-ደመና ንምግላጽ ዘተኮናጸፎ ዓወት፡ ንማእለያ ዘይብሎም ካልኦት ዳህሳሳት ኣፍደገ ከም ዝኸፈተን፡ ዝኾም ዳህሳሳት'ዚኣቶም ብምልኣት ክርድኦም ንዝኽኣለ ሰብ፡ ከም ናይ ብሉጽ ግጥሚ ተምሳጥ ከም ዝፈጥሩሉ ይምጉት።

ክኢላ ክልሰ-ሓሳባዊ ፊዚክስ ንዝነበረ ሪቻርድ ፈይንማን፡ ሓደ ዓርኩ፡ ስነ-ፍልጠተኛታት ንዕንበባ ኣብ ዘጽንዑሉ ግዜ፡ ኑቲ ጽባቐኣ ከም ዝኸስሩዎ ርእዩቶ ሃቦ። ፈይንማን ብወገኑ ከምዚ ብምባል መለሰ፤ "እቲ ንዓኻ ዝረኣየካ ጽባቐ፡ ንዓይ'ውን ይረኣየኒ'ዩ። ኣነ ግን ንኻልኦት ዘይረኣዩም ዝዓሞቐ ተወሳኺ ጽባቐ ይረኣየኒ። ዝተሓላለኹ ዝምድናታት ናይ'ታ ዕንበባ ይረኣዩኒ። እታ ዕንበባ ሕብራ ቀይሕ'ዩ። እዚ ሕብሪ'ዚ፡ ነታ ዕንበባ ሓሸራታት ክትስሕብ ንክኽእላ ኢሉዶ ፈሊቑ ይኸውን፤ እዚ ናብ ተወሳኺ ሕቶ ይመርሕ፤ ሓሸራ ሕብሪ ይርእዩ እዮም ማለት ድዩ፤ ስነ-ጽባቐኣዊ ተሃዋስነት (aesthetic sense) ኣሎምዶ ይኸውን፤ ወዘተ። ስለዚ፡ ንሓንቲ ዕንበባ ምጽናዕ፡ ጽባቐኣ ካብ ምርኣይ ከመይ ገይሩ የላግሰኒ፤ ብኣንጻሩ ተወሳኺ ጽባቐ'ዩ ዝኸስት።"

ዳውኪንስን ፈይንማንን፡ "ገጠምቲ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ሕቶታት ይምሰጡዶ፤" ንዝብል ሕቶ ብእንታ ይምልሱዎ። ክልቲኦም፡ ስነ-ፍልጠተኛታት እምበር ስነ-ጥበባውያን ስለ ዘይኮኑ፡ ኣረኣእያኦም ከም ደምዳሚ መልሲ ክውሰድ ኣይክእልን። ስነ-ፍልጠት ኣገዳሲ ዓውዲ ፍልጠት ምዃኑ'ኳ እንተ ዘይተኻሕደ፡ ሕቶታቱ ኣብ ዝምልሰሉ፡ ኑቲ ናይ ገጠምቲ ዕማም'ውን ንእግረ-መገዱ ከም ዘሳልጦ ዝሃቡዎ ሓሳብ ንዋጋ ግጥሚ ዘቖናጽብ ድዩ፤ ገጠምቲ ሃገርና እንታይ ይብሉ ይኾኑ፤

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጹበጹብ ግጥምታት ከነሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ኣከቢ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግም) |
| 18:25 | ጨራ ጥዕና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሸማይቨሽ ስዩም ሃብተሚካኤል፡ ኣደይ ጸሃይቱ ወልደገርማ ወልደገርግሽ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣሚን ክፍላይ ተኽሉ ብኸሳሲት ሳሊና እንድርያስ ተስፋገርግሽ ንጉዳይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ግርማይ የማነብርሃን ግርማጼን ኣቦና ፍ/ሄር የማነብርሃን ግርማጼን ዝሸጦ ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ ኮይኑ ግን ተጸዋዒ ኣቶ የናታን የማነብርሃን ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኤርምያስ ተኽለ ገብረኣብ፡ ሓወና መም/ ኣረፋይነ ተኽለ ገብረኣብ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 1 ተተካእን ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ በረኸት ጸጉ ተኸላይ፡ ስም ኣደይ ርግኣት ተኽላይ ትርፌ ምባል ተሪፉ፡ ርግኣት ተኽለ ትርፌ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ርግኣት ሞኾስ ደበሳይ፡ ኣደይ ርብቃ ተወልደ ገብሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሩታ ገብረእዝጊኣብሄር ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሩት ገብረእዝጊኣብሄር ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ስተላ ናታለ ፑለዮ፡ ኣደይ ፍ/ስተጸየን ወልደሚካኤል ብለበዎ ዝሸጠትኒ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ክብረኣብ ዓብደራዛቕ ዓብደራሕማን፡ ብኸሳሲ ተስፋማርያም ታፈረ ተስፋሚካኤል ንጉዳይ ገዘዘብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ተኸሳሲ ኣቶ ተኪኤ ወልዱ በድሩ፡ ብኸሳሲት ሳባ ተኪኤ ሃይለ ንጉዳይ ግዝ ምልቃቕ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ገብረገርግሽ በየነ ሃብተስላሴ፡ ኣደይ በይን ገብረዋህድ ገብረመድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኣንዋር ያሲን ዓብዱራ፡ ብፍ/በ/መሳል ጉዩይ ወልዳይ ወልደስላሴ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ጊዮርጊስ ዓንደሚካኤል ተስፉ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዘርኣዝጊ በርሀ ደብረጻዮን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተኽለ ገብራይ ሃማርያም፡ ኣቦና ገብራይ ሃማርያምን ኣዴና ለተንጉስ ብርሃነን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወረ/ፍ ሂወት ወልደኣብ ሃማርያም፡ ኣቶ በየነ ክንፈ ወልደስላሴ +2 ወላዲትና ሂወት ወልደኣብ ሃማርያም ኑቲ ብስም ፍ/ሻምበል ጥኻ ተወልደመድህን ወልደሚካኤል ኣብ ከተማ ኣስመራ ሰምበል ፕሎት ቁ.74 ፓርቸላ V ዝርከብ ኣብ 100 ት/ሜ ዝሰፈሓቱ ዝዓደጉቶ፡ ካብ ስም ፍ/ሻምበል ጥኻ ተወልደመድህን ወልደሚካኤል ናብ ስም ፍ/ ሂወት ወልደኣብ ሃማርያም ክመሓለለፍ፣ ድሕሪ ምትሕልላፍ ናብ ስም ኣመልካቲ ክመሓለለፍ ክውሰነልና ናይ ስም ምትሕልላፍ ክፀበረልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሳብሪን መሓመድሳዒድ ኣሕመድ፡ ስም ኣደይ ዛሀራ መሓመድያሲን ምባል ተሪፉ፡ ዛሀራ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣረራት ተማሰገን ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሃሌሉያ ተማሰገን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቢይ የማነ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኣቢይ ሓደሽ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ደርሶም ገብርሂወት፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባይ ብርሃ ተኪኤ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣስመረት ተስፋማርያም ስብሃቱ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለማርያም ገብረሚካኤል ብርሃ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሳሙኤል ተወልደ ወልደገርግሽ፡ ኣቦና ተወልደ ወልደገርግሽ ቀለተ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒት ትርሓስ በርሀ፡ ብኣመልካቲ ተስፋይ ንርኣ ግደይ፡ ናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቕረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ተኽሉብርሃን ገብራይ ፈረጅ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ገብራይ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሙብርሂት ፍትዊ ምላሽ ምባል ተሪፉ፡ ሙብራሂቲ ፍትዊ ምላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

መርከበ ስመረ ሙብራሂቱ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፋው ብርሃ ጉብሳ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሙሉጌታ ገብረመድህን ክፍለዝጊ፡ ብዓልተ ቤተይ መም/ሙብራት ምስየና ወልዱ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ደርግኣለም ኪዳነ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሰርክኣለም ኪዳነ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃብቱ ተወልደ ተኽሉ፡ ኣቦና ተወልደ ተኽለን ኣዴና ሂወት በራኺ ተስፋጽዮንን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ስዩም ኣለሞ፡ ወለድና ስዩም ኣለሞ ወርቃን ትደግ ትኩል ዘሪሁንን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ለተየሱስ ዑቕበ ክፍላይ፡ ሓፍተይ ቅድስቲ ወልደገብርኤል ክፍላይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃይለሚካኤል ኪዳኔ፡ ስም ኣደይ ኣለን ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ኣለን ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጻዕዱ ሃይለ ዑቕባጽዮን፡ ስም ኣደይ ጸጋ ገብረያናስ በየነ ምባል ተሪፉ፡ ምልእተጺጋ ገብረያናስ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የሴፍ ግርማይ ተስፋጽዮን ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ መረባይ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣማኑኤል በረቐ ተኸላይ ምባል ተሪፉ፡ የኤል በረቐ ተኸላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኤልዩም ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ኤሊም ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ተስፋይ ብርሃ ወልደሚካኤል፡ ሓፍተይ ፍረወይኒ ብርሃ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ብእምነት ዓንደም ዘርኣማርያም፡ ኣቦይ ዓንደም ዘርኣማርያም ኣወድን ኣደይ ጉዩይ ሙብራህቱ ምሕጹንን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድህን ተኸስተ በራኺ፡ ኣቦና ተኸስተ በራኺ ጎይትኦምን ኣዴና ለተሃይማኖት ገብረሚካኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሜላት ካሕሳይ እስቲፋኖስ፡ ስም ኣደይ ለተሃይማኖት የዕበዮ ምባል ተሪፉ፡ ሓጀር ተኾመ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


Alliance Française
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንዓበይቲ ንንኣሽቱን ኣብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ጽፍሒ ይቐጽል ኣሎ፡፡ ንዓበይቲ ካብ ሰዓት 8 ሓሙለ ከምኡውን ንኣሽቱ ካብ ሰዓት 11 ሓሙለ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ንፈቱ፡፡ ምዝገባ ደር ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብዙሓን ምጹ! ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ/ስ 122605/115270

ኣድራሻና፡ ጎደና ቤ/ት ማይ ተሰሩ ጥቓ ዲርባና ሬስቶራንት እዩ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ህድኣት ሓጎስ ክፍሉም፡ ኣደይ ክብራ ፍጡር ገደላ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰገን ቀለታ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ያፌት ጆባኒ መሓመድሳልሕ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

የውሃንስ እምሃጸየን ማና፡ ኣቦና እምሃጸየን ማና ፊደል ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

1.ጸሃይቱ ገብረማርያም ሰለባ 2. ገብሪኤል ገብረማርያም ሰለባ 3.ዑቕባማርያም ገብረማርያም ሰለቡ፡ ሓፍትና ገርግሽ ገብረማርያም ሰለባ ስለዝሞተት፡ 8 ኣሕዋታ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ መሓሪ ብዛሕ፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ኣልዶሩቶ ኣልደርቺ ስለዝሞተ፣ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ህድኣት ኣሚኑ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ምስጉና ተስፋማርያም ተኽለ ስለዝሞተ፡ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰዶና እስክድር ክፍላይ ምባል ተሰሪፉ ሰዶና እስክንድር ከፈላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸገ ክፍሉ፡ ኣደይ ለተብርሃን ገ/ስላሴ ዘጾምኡ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ 1ሓወይ ተተኪእቲ 3 ደቁ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘወንጌል የናስ ማጆር ምባል ተሰሪፉ ኣቤል የናስ ማጆር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ዛይድ ወልዱ ገብረሚካኤል ምባል ተሰሪፉሳሌም ወልዱ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

እድሪስ መ/ዓሊ እድሪስ፡ ስም ኣደይ ሓብ ሓምድ እድሪስ ምባል ተሰሪፉ ሓዋ ኣሕመድ ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኑብያት ሃብተስላሴ ምባል ተሰሪፉ ኣርሴማ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሚሳይ ሳልሕ ሃሎ ምባል ተሰሪፉ ከሚሳይ ሳልሕ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጆማት ኣወሰል ኣልሙ፡ ስም ኣደይ ሽክላ ኣደም ሃሚ ምባል ተሰሪፉ ሽክላ በሮን ሃሚ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሞዳ ሳዓም መሓመድ ምባል ተሰሪፉ ርዚና ሳዓም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ኤፍሬም ጺጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ መንግስትኣብ ርእሶም፡ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብርኽቲ እምባዩ ከፈሉ፡ ኣደይ ጸገከት ሃብተማርያም በራኺ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መንሱራ ዓድል ዑመር ምባል ተሰሪፉ ማዝዮ ዓድል ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማጼን ወልዳይ በርሀ፡ ሓፍተይ ኣሙት ወልዳይ በርሀ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2ህሉዋት ተተካእቲ ናይ ሓደ መዋቲ ሓወይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ግምጃ ብርሃ፡ ኣቦይ ብርሃ የውሃንስ ሃብተጋብር ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ መርሃዊት ስዩም ኣድጎይ፡ ብዓል ቤተይ መንግስቱ ሮኸራይ ወልደርፌኤል ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃም፡ ስም ኣደይ ጸሃይቱ ገሰሰው ኣብርሃ ምባል ተሰሪፉ ትዕበ ክፍለ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ኣሚኒ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ወልደዝጊ ተኸስተ ተወልደመድህን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰንበቱ ሃይለ ተኪኤ፡ ብዓል ቤተይ ተኽላይ ዘርኣማርያም ተኽለማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ምሕረት ብርሃ እዮብ፡ ስም ኣደይ ጸገ ሰመረ ተስፋማርያም ምባል ተሰሪፉ ጸገ ሰመረ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰለማዊት ተኽላይ ፍስሃጽዮን፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ ሃብተስላሴ ሃይለሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ስም ኣቦሓጎይ ርእሶም ዳየር ምባል ተሰሪፉ ርስቶም ዳየር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣርዳይቶ መሓመድ ገምሑድ ምባል ተሰሪፉ ኣርዳይቶ መሓሞዳ ገምሑድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርየም ሓይሰማ ሓመድ ምባል ተሰሪፉ መርየም ሓይሰማ ሓመዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ኣሕመድ ባይሻይ ምባል ተሰሪፉ መሓመድ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ ዞባ ገዛ ጥንዳ ማይ ጃሕጃሕ ፕሎት 9 ፓርስል F ዚፕ ኮድ 1A 198 ጎደና ዳዕሮ ቁ.ገዛ 13 ስፍሓት 500 ት/ሜ 6ተ ቀንዲ ክፍሊ 5ተ ተሓጋጋዚ ክፍሊታት ዝተደኮ፡ ብቁ.ንብረት 1BRASM109626 ብስም ኣብረሀት ገብረየሃንስ መሻሾ ዝተመዝገበ ብህያብ ዝለኣኽ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዳንኤል ብርሃ ደስታ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ ዞባ ጎዳይፍ ዚፕ ኮድ GODAYIF 1A714 መለለዩ ገዛ ASD000425313 ብቑ. ፓርሰል ID ASP00050427 ብቑ. ምዝገባ ንብረት 5556/2017 ስፍሓት መሬት 85 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍሊ ዝተደኮ፡ ብስም ኣብረሀት ገብረየሃንስ መሻሾ ዝተመዝገበ ብህያብ ዝለኣኽ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዳንኤል ብርሃ ደስታ

---

ብስም ወራሲቲ ኣፍ/ሄር ብርሃ ተኽሉን ወ/ሮ ታደለሽ ይልማን ምስ 9 ደቆምን ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሮራ ሓባብ ቁ.ገዛ 10/12 ዚፕ 191 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 113017 መወከሲ ቁጽሪ 123496 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑ.ቴሌፎን 07906285 ክሕብረና፣ እንተዘይሒቡ ግን መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ መዋእል ብርሃ

---

ብስም ግርማይ ጺጋይ ክብሮም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044 048 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ቢሓቲ ቁ.ገዛ 12 ዝርከብ ናይ መኪና ዲኮረሽን ትካለይ፡ ንኣቶ ኤቨንኤዘር ብርሃ ገብሩ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 153 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ግርማይ ጺጋይ ክብሮም
ሕጋዊ ወኪል የርዳኖስ ብርሃ ገብሩ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ውላዚት ጉብረትንሳኤ ሃብተገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ሓድጉ ሃይለ ተሰፉ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ት/ዕድመ ኦቨት ርበል ገዞኢ ምባል ተሪፉ፡ ብሩኽ ርበል ገዞኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላት በረኸት ሃብተስላሴ፡ ስም ኣደይ ኣልማዝ ኪዳነ ጉብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ኪዳነ ጉብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ዓገሽ ጉብረስላሴ፡ ኣቦና ጉብረስላሴ ጉብርኣብ ተወልደ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሙሉ ሃይለሚካኤል በየኑ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተማርያም የሴፍ ጉብረሚካኤል ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጸገ መብራህቶም ብስራት፡ ብዓል ቤተይ መም/ልኡል ወልዱ ኪዳነ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልዋም ሰሎሞን ክንፈ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም ሰለሙን ኩንፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳብሪን ጣህር፡ ስም ኣደይ ሰባሕ ዓብደልረዛቅ ምባል ተሪፉ፡ ሰባሕ ዓብደልቃድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትዊ ገ/ሚካኤል ገረሱ፡ ስም ኣደይ ሉተኣምላኽ መሻሻ ኤርምያስ ምባል ተሪፉ፡ ሉተኣምላኽ መሻሻ ጉብረመሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሳህለ ኢሳቅወደይ ሃብቱ፡ ሳህለ ስለዝተሰወኡ፡ ወለዱ ሳህለ ኢሳቅ ምስ ወ/ሮ ውዳስ ጎይትኦም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉብረሂወት ክፍሎም ተክለሃይማኖት፡ ሓፍተይ ኣዜብ ክፍሎም ተክለሃይማኖት ስለዝሞረፈት፡ ወለደኛውን ስለዝሞረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርእሶም ክፍሉ ፍረዝጊ፡ ኣቦይ ኩ/ሄር ክፍሉ ፍረዝጊ ተሰፉን ኣደይ ኩ/ሄር ሉተብርሃን ጉብረስላሴን ብሂወት ከለዉ ዝፈጸሙለይ ሰነዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ፡ን17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገርግስ ኣብርሃ፡ ኣደይ ኤልሳ ጉብሩይ ስለዝሞረፈት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ጉብረያውሃንስ ጺጋይ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሚከኤል ጺጋይ ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፅንዐብ ጺጋይ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሊድያ ጺጋይ ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፉሚካኤል ጺጋይ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ፍልሞን ጺጋይ ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ገረእግዝኣብሄር ሳህሉ፡ ብዓል ቤተይ ተከኤ ማሰፍን ብርሃ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ያቆብ ማሰፍን ወልደጉብርኤል፡ ሓውና ኣቶ ሰመረ ወልደጉብርኤል ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ መሓሪ ተስፉማርያም፡ ብዓል ቤተይ ሸመንዲ ሃይለማርያም ሓገስ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘውዲ ተወልደ ግደይ፡ ጓለይ ትርሓስ ዑቕባሚካኤል ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ቅድሳን መሓሪ ጉብርዝጊኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ፅዝባ መሓሪ ጉብርዝጊኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ዑቕባዝጊ እንዳዩ፡ ብዓል ቤተይ ሳህለ ወልዱ ባህታ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ራሄዋ እዮብ ኪዳነ፡ ናይ ብዓል ቤተይ ቀሺ ተክለወይኒ ወልደጉብርኤል ምኻኑ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ተኽለወይኒ ከሰተ ድራር ምባል ተሪፉ፡ ተኽለወይኒ ተኸስተ ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርኽቲ በረኸትኣብ ጉብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ብርኽቲ በረኸትኣብ ባዩረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓያት ማሕሙድ፡ ስም ሰወእ ኣቦይን ኣቡሓጎይን ማሕሙድ ሸልሸል መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዒሳ ኣሕመድ ሳልሕ፡ ስም ኣደ ት/ዕድመ ጓለይ ሳዑዳ ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሳዑዳ መሕሙድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ታሕጓስ ጉብረኣብ ወልደጋብር፡ ወድና ናሆም ምሕረትኣብ ቦኽራይ ስለዝተሰወኡ፡ ንሕና ወለዱ ምሕረትኣብ ቦኽራይ ተኽለማርያምን ታሕጓስ ጉብረኣብ ወልደጋብርን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልማን ዓብዱ ዕቤድ ምባል ተሪፉ፡ ሳልማን ዓብድ ዕቤድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ተኽኣ ጉብረስላሴ ተሰፉይ፡ ኣደይ ሓጎሳ ሃብተሚካኤል ቀላቲ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ 1 ጓላ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትዕግስቲ ኣሕመድ መሓመድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኒኤል ፍትሃንስት ዑቕባልደት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ሐሴን መሓመድ ሓጅ ኣረይ፡ ስም ኣደይ ዓፊት ንስር ጥለቅ ምባል ተሪፉ፡ ዓፊት ንስር ጭሩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተሰፉይ ኣስራት፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ወልደሚካኤል ተስፉሚካኤል ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ከሰተ፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ዓብደልዋሃብ ሓሰበ ሳምራን ኣቶ ዓብደልሓሊም በሽር ሕሉፍ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ የማነ ጺጋይ ዑቕባማርያም፡ ኣቦይ ጺጋይ ዑቕባማርያም ሃብቱጋብር ስለዝሞረፈ፡ ኣነ 1 ወዱ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ዐሶማን ማሕሙድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ዐሶማን ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ጠሃቱ ኣደም ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኽያር እብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣኽያር እብራሂም መ/ድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ መሓመድሰዒድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዐመር ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ መሓመድዐመር ኢብራሂም ዐሶማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ሓምድ ልጃጅ ደምሳስ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ ሓምድ እድሪስ ልጃጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ህያብ መጃሾ ሓይለኣብ ምባል ተሪፉ፡ ህያብ ወሰዶም ሓይልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ሉትንገስ ዘራጼንል፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ ኣብርሃ ወልደእየሱስ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሉተንከል ዑቕባጎርጊሽ ጉብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተኽልያ መሓሪ ዓጽመት ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኑብሰ ምሕላኽ

ኣተሓሳስባና ንስምዒትናን ባህርያትናን ብቐጥታ ናይ ምጽላው ሓይሊ ኣለዎ። ዓወት ወጽኢት ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምዃና ዞትዕ'ውን ኣይኮነን። ብሰንኪ ዘይቅኑዕ ኣተሓሳስባ ኑበሰ ምሕላኽ የጋጥም። ገለ ካብቶም ንኑበስና ሓሊኹም ዝሕዙ ወይ ዝኣስሩ ኣተሓሳስባታት፦

- **ከይብሉኒ፦** ከይብሉኒ ዝብል ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ዝንጸባረቕ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ድሌትካ ዘየፈጽም ኑበሰ ምእሳር እዩ። "ከይብሉኒ" ብኻልእ ኣዘራርባ ሕፍረት ማለት'ዩ። ብርግጽ ብሰንኪ ከይብሉኒ፡ ካብ ክትብሎ'ን ክትገብሮ'ን እትሓስቦ ርትዓዊ ድሌታትካ ምትራፍ፡ ንኑበስኻ ናጽነት ምኽልኣ'ዩ። ብከይብሉኒ ተኸቢእካ ምንባር፡ ኣእምሮኣዊ ማእሰርቲ እዩ። ከምዚ ዓይነት ባህሪ ናይ ምምዛዘን ዓቕምና ማዕረ ክንደይ ተሓሲዩ ከም ዘሎ ዘመልክት'ዩ። ክትውስን'ውን ኣይከኣልን። ኣብ መንጎ ሕማቓትን ጸቡቓትን ቅቡላን ዘይቅቡላን ነውርን ክብርን ጠቓምን ጉዳእን ዝሎ ፍልልዩ ብንቕሓት ናይ ምምልካት ጸገም ኣሎ ማለት'ዩ። ንኹሉ ደባሊቕካ ብሓደ ዓይነት ኣጠማምታ ትምልከት እንተለኻ ከኣ ዝምቡዕ ኣተሓሳስባ ጥራይ'ዩ ክህሉ ዝኽእል። ከይብሉኒ ግቡእ ቦታን ግዜን ኣለዎ። ከይብሉኒ ካብ ዘውርን ዘኽዕብን ልምድታት ክትግታእ እንክለኻ ኣብ ግቡእ መዓልኡ'ዩ ዝውዕል ዘሎ። ሰሪቑ፡ ሓሰዩ፡ መታለለ፡ ጨኪኑ ብዕሉግ ከይብሉኻ ፈሪሕካ፡ ካብ ከምዚኦም ሕማቓት ባህርያት ክትቁጠብ ከሎኻ ጸቡቕ ባህሪ እዩ። ኣብዚ እቲ "ከይብሉኒ" ዝብል ስክፍታ ይጠቕመና'ምበር ኣይጎድኣናን'ዩ። የሰጉመና'ምበር ኣይጉትተናን'ዩ። እቲ ክውገድን ክፍወስን ዘለዎ "ከይብሉኒ"፡ እቲ ኣብ ዘይቦታኡ ዝኣቱ፣ ኣሰሪን ኣሉታዊ ተራ ዝጻወትን እዩ።
- **ኣይክእሎን'የ፦** ኣብ ህይወት ካብ ዝጉጥሙና ነገራት ብዙሓት'ቲ "ኣይክኣልን ወይ ኣይክእልን" ዝብል ቃል ንከይትምሃር ዝኸልክል ኑበሰ ምእሳር ዘይክኣል ነገር የለን። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዕዉት ንምዃን 'ዚ ነገር'ዚ ኣይክእሎን እየ' ኢልካ ሰቕ ኣብ ክንዲ ምባል፡ ፍጹም ሰብ ከም ዘይኮንካ ኣሚንካ ዓቕምኻ ንምብርኻት ምብጋስ የድሊ። ብመጀመርታ ኣብ ውልቀ ኣተሓሳስባኻ እወታዊ ወፍሪ ብምግባር፡ ኑቲ ክበጽሖ ወይ ክገብሮ ኣይክእልን እየ ዝበሎ ነገራት ዓቕመይ ንምብርኻት ክጅምሮ እየ ብዝብል ሃናጺን እወታውን ኣተሓሳስባ ክትቅይሮ ኣሎኻ። ምኽንያቱ ብዙሕ ግዜ ኣብ ህይወትና ካብ ዘይንገብሮም ነገራት፡ እቶም ዝጠዘሉ ክንገብሮም



ዓቕሚ ስለ ዝጎደለና ዘይኮነ ዝዘርኣና፡ ብሰንኪ'ቲ ክገብሮ ኣይክእልን እየ ዝብል ኣብ ኣተሓሳስባና ዝሰረጸ ጌጋ ርድኢትን ማእሰርትን እዩ። ኣእምሮና ናይ ምግባር ዓቕሙ ክዓኽም እንተ ፈቒድካሉ ንዘይተጸበኻዮ ዝሕግዝ ውሽጣዊ ትብዓት ኢኻ ትሰእን። ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእ ብመጀመርታ ለውጢ ናይ ኣተሓሳስባ ክመጽእ ኣለዎ። ኣብ ህይወትና ለውጢ ንምምጻእ 'ኣይክእልን' ካብ ዝብል ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ብምርሓቕ ዓቕምኻ ዝፈትን ንምግባር ጥራይ ድሉው ክትኮውን ኣሎካ። ብዓቕምኻ መጠን ናይ'ቲ ትኽእሎ እንተ ደኣ ጸዒርካ ወጽኢቱ ባዕሉ ክራባሕ እዩ።
- **ከይትጋገ ምፍራሕ፦** ፍርሒ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ስምዒታት ደቂ ሰብ ኮይኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ወትሩ ዝመላለስ ኣምር'ዩ። ንከይትዕወት ዝዓጽር ኑበሰ ምእሳር እዩ። ፍርሒ ምስ ዝህሉ፡ ደረጃኡ ብዘየገድስ ጭንቀት ክህሉ ግድን እዩ። ፍርሒ፡ ደቂ ሰብ ድሌታቶም ኮነ ሕልምታቶም ግሁድ ንኸይገብሩ ዝዓግት ዓንቃፊ ባህሪ እዩ። "ጌጋ ፈጺሙ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ሓድሽ ነገር ፈቲኑ ኣይፈልጥን እዩ"- ብምባል'ዩ ኣልበርት ኣንስታይን ዝገለጾ። ጌጋ መናብርቲ ደቂ ሰብ እዩ። ይውሓድ ይብዛሕ መን እሞ'ዩ ጌጋ ዘይፍጽም። ናይ ሓቂ ምኽሪ ካብ ቅኑዕ ጌጋ'ዩ ዝርከብ። ብጌጋ ተመኪሩ ዘይሓለፈ ጥበብ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይሲ ጌጋ ኣብ ትፍጽመሉ ሓድሽ ትምህርቲ ኢኻ ትቐስም።
- **ካብ ሰብ ምጽባይ፦** ዓቕምኻ ዘዳኽም ኑበሰ ምእሳር እዩ። ካብ ሰብ ምጽባይ ሰብኣዊ ደገፍን ስምዒታዊ ጉድኣትን ዘለዎ ተግባር እዩ። ብዓቕምኻን ብጉልበትካን ክትዓዮ እትኽእል ነገር ኣብ ክንዲ ምጅማር፡ ካልኦት ሰባት ክገብሩልካ ምጽባይ ናብ ዘይተደለየ ምብኻን ግዜን'ዩ ዝመርሓካ። ብኡ መጠን ከኣ ካብቶም እትጸበዮም ሰባት ዝመጽእ ተጽዕኖ እናዓበየ ክመጽእ እንክሎ፡ ውሳኔታትካ ኣብ ካልኦት'ዩ ዝምርኮስ። እሱር ትኸውን'ሞ መጻኢኻ ክትውስን ኣብዘይ ትኽእለሉ ደረጃ ትበጽሕ። ርእሱ-እምነት ብምዕባይ ኣብ ክንዲ ካልኦት ክሕግዙኻ ምጽባይ ብዓቕምኻ ክትሰርሕ ይምረጽ። እቲ ምንታይ ካብ ሰብ ብዙሕ ምጽባይ ልቢ'ዩ ዝሰብር።
- **ጣዕሳ፦** ክትፍጽሞም ዘይነበረካ ብምፍጻምካ ወይ ክትፍጽሞም ዝነበረካ'ሞ ግን ብዘይ ምፍጻምካ ምስ ኑበስካ እትበኣሰሉ እዩ። ጣዕሳ፡ ተበጊሶን መኣረምታን እንተደኣ ዘይረኸበ፡ ካብ ሕሉፍካ ንኸይትመሃርን ንቕድሚት ንኸይትሰጉምን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ክቡር ግዜናን ኣቓልቦናን ብምስራቕ ካብ ሕወየት ዝሕርምን ዝኽልክልን እዩ። ጣዕሳ ወላ ደኣ ኣቀንዛዊ ይኹን'ምበር፡ ብግቡእ እንተ ኣመሓዲርካዮ፡ ኣብ ማስርሒ ሕወየት ኣገዳሲ ዀኣታ ይኸውን። ምሕር ኣብ ጣዕሳ ምውዳቕን ምትኳርን'ምበኣር ንሕሉፍ ዝጽግን ዘይከኑሉ ኑቲ ቃንዛ ናብ መጻኢ ዘሰጋግርን ሓድሽ ህይወት ንኸይትጀምር ዝዕንቅፍን እዩ።

## ዘይንቡር ድቃስ

'ናርኮለፕሲ' (Narcolepsy) ሓደ ካብ ዘደቅሱ ሕማማት ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ዘደቅስ ሕማም እዩ። ሃንደበት ንጥፈታትካ እናኣቋረጸካ ከለኻ ድቃስ ይወስደካ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓንጎል ንድቃስን ንምንቕቓሕን ከም ንቡር ክቆጻጸሮ ኣይክእልን እዩ። በዚ ሕማም እዚ ዝተታሕዙ ሰባት ዋላ'ውን እንተ ተበራበሩ ብግቡእ ክንቀሳቐሱ ኣይኽእሉን እዮም። ካብ ዝፈትውዎ ሞያ ወይ ትምህርቲ ከኣ ንግዜኡ ክስናደቡ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ኣብ ዝረኸብዎ ቦታ እዮም ዝድቅሱ። ኣብ ግዜ ቀትሪ ብዝበዝሐ ዘጋጥም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዕድመ ጉብዝናን ግርዝውናን ዝኽሰት ምዃኑ ክኢላታት ይሕብሩ። ሃገራዊ ትካል ስነ-ኣእምሮኣዊ ምዝንባልን ወቕዒን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ 125,000 ክሳዕ 200,000 ዝኾኑ ሰባት ሕማም 'ናርኮለፕሲ' ከም ዘለዎም ይግምት። ጠንቂ ናይዚ ሕማም ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ንጹር ኣይኮነን። ናርኮለፕሲ መብዛሕትኡ ግዜ ብሰንኪ እቲ ንቕሓት ንምዃን ዝቈጻጸር 'ኬሚካላዊ ሃይፖክሪቲን' ኣብኡ ብዘጋጥም ጸገማት እዩ ዝኽሰት።

ገለ ካብ ምልክታት ሕማም ናርኮለፕሲ፦

- ካብ መጠን ንላዕሊ ኣብ ግዜ መዓልቲ ምድቃስ፡ እዚ ምልክት እዚ ንኹሎም ሕማም 'ናርኮለፕሲ' ዘለዎም ሰባት እዩ ዘጋጥሞም። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ክኢላታት፡ ነዚ ሕማም "ናይ ድቃስ መጥቃዕቲ" ብምባል እዮም ዝሰምይዎ።
- ሃንደበታዊ ምድኻም ጭዋዳ።
- እዚ ዓይነት ሕማም ካልእ ዝልለየሉ ኩነታት፡ ኣብ ግዜ ሕልሚ ክትንቀሳቐስ ዘይምኽኣልን ሃተፍተፍ ምባልን'የ። ሓካይም'ዚ ሕማም ብመድሃኒት ይቆጻጸርዎ'ዮም።



### ጥቕስታት መዛነዩ

- "ኣብ ህይወት እቲ ዝለዓለ ደስታ፡ ኣብ ጥዕና'ዩ ዝምርከስ።" - **ጆርጅ ዊልያም**
- "ብሉጻት ኣዕሩኽ፡ መርኣያ ዝበለጸ ዕዉት ህይወት ናይ ደቂ ሰብ እዮም።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ተስፋ እንተ ደኣ መሪጽካዮ፡ ኩሉ ነገር ይከኣል እዩ።" - **ክርስቶፈር ሪቭ**
- "ስነ-ስርዓት ኣብ መንጎ ዕላማን ዓወትን ዘሎ ድልድል እዩ።"-**ጂም ሮን**
- "ዝተኸስረ ግዜ ዳግማይ ኣይርከብን እዩ።"- **ቤንጃሚን ፍራንክሊን።**
- "ፍቕሪ ብፍሽኽታ ጀሚሩ ብምስዕዓም ምስ ዓበየ ብንብዓት'ዩ ዝዛዘም።"-**ዘይተፈልጠ**
- "እቲ ሉሚ ዝሰምዓካ ዘሎ ቃንዛ ጽባሕ ናብ ሓይሊ ክቕየር እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ጸቡቕ ምንባር እቲ ዝበለጸ ካሕሳ ህይወት እዩ።" – **ጆርጅ ሀርበርት።**
- "ጭንቀትካ ንናይ ጽባሕ ሓዘንካ ኣይፍውሶ'ንዩ፡ እንታይ ደኣ ንናይ ሉሚ ሓይሊኻ'ዩ ዘዳኽሞ። - **ሲ. ኤች ስፐርጀን**

### ንትኹል

1. ዘይዛረብ፡ ዝተለኸተ
2. ካብ ማይን ጸሓይን ዝለኸሰልና
3. ንሱ ኣሎ፡ ንሳ ___
4. ካብ ኣእካል
5. ቃል ኪዳን ምፍራስ
6. ካብ መሳርሒታት መዘቓ
7. ጥርኑፋት ተጻወትቲ
9. ብፍሉይ ተጸሚቑ ኣብ ሳርማ ተሓቲሙ ዝስተ ሰዋ
10. ንዘይቲ ዝኸውን ተኽሊ
12. ቦርሳ፡ ሳንጣ
14. ገዲፉ ከደ፡ ተዓዝረ
16. ትሕፍኝ፡ ትውትፍ
18. ጫብጥ፡ ብኢድ ዝርምሰሰ
19. ዒሉ፡ ጻዕብ
22. ሰልጣ፡ ምዕባለ
24. ፍሽኽታ፡ ፈገግታ
27. ካሴት ናይ ቴፕ
29. ብኢደን ገፊጣ
30. ዓደስ
32. ተርታ፡ ኣማራጺ፡ ምርጫ
36. ማሕረሻ ጊርካ መሬት ሓንጥጥ
38. ካብ ዓይነታት ሕብስቲ
39. ገደፈ፡ ነጸ ለቐቐ
40. ጩረም፡ ጉመደ
41. ሓጺናዊ ተንቀሳቓሲ
43. ላፋ፡ ምዉቕ ሓፈስ ሾርባ
45. ናይ ንግዲ ስራሕ ምስራሕ
47. ምንቅስቓስ ኣካላት ብእንግሊዝኛ
49. ጥንካሬ፡ ድልዳለ

### ንጋድም

1. ብስጋ ዝተሸፈነ ተሪር ነገር ናይ ኣካልና
3. ስም ወዲ ተባዕታይ
6. መዐቀኒ ናይ ዝሸቐጥ ነገር
8. ናይ ዕንጸይቲ ወይ ሓጺን ተሸካሚ ገመል
9. ናይ ንግዲ (ሰብ) ፍሉይ መለለዪ
10. ሓላፍነት
11. ናይ ዓወት ዓበይ ምዃብ
13. ምኽልካል፡ ምዕጋት
15. ሓጺር እዋን
17. ውርደት፡ ዕንወት፡ ምብልሻው
19. በኣሰ
20. ሃደሽደሽ፡ ዓዉተው
21. ምስ ተሰርነቐና እንብሎ
23. ምልግጋብ፡ ምጽግጋዕ
25. ካብ 'ዝበኢ' 2/3
26. ኣይኣኸለን፡ ተጸበ
28. ምውጣጥ
31. ርቑሕ፡ ዘርዘር
33. ልምለም
34. ረዓደ
35. በይንኻ ምዃን
37. መውዳእታ ወርሒ ናይ ዓመት
39. ዘይዕግበት ምግላጽ
40. ናብ ሳንቡእ ዘእቱ ሻምብቆ ኣካላት
42. ጣዕሳ፡ ጸጸት፡ ጣዕሳ
44. ባህላዊ መስተ
46. ፈራሀ፡ ረዓደ
48. ኣፍጠ፡ ጠበንጃ
50. ምድረ ዓለም
51. ብኣፍ እትህረም መሳርሒት መዘቓ
52. ጥዑም ዝሽታኡ ዓሌት ናዕናዕ ዝኾነት ንፓስታ መመቀሪ ኣብ ሰነ እትኣቱ ንእሽቶ ተኽሊ

### ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 2 | | ■ | 3 | 4 | 5 | | ■ | ■ | 6 | 7 |
| 8 | | ■ | 9 | | | | ■ | 10 | | | |
| 11 | | 12 | | ■ | 13 | | 14 | | ■ | ■ | |
| ■ | ■ | 15 | | 16 | ■ | ■ | 17 | | | 18 | ■ |
| 19 | | | ■ | 20 | | | | | ■ | 21 | 22 |
| | ■ | 23 | 24 | | ■ | ■ | | ■ | ■ | 25 | |
| 26 | 27 | ■ | 28 | | 29 | 30 | ■ | 31 | 32 | ■ | |
| 33 | | | | ■ | 34 | | | ■ | 35 | 36 | |
| ■ | | ■ | 37 | 38 | | | ■ | 39 | | | ■ |
| 40 | | 41 | ■ | | ■ | 42 | 43 | | ■ | 44 | 45 |
| | ■ | 46 | | | 47 | ■ | 48 | | 49 | ■ | |
| 50 | | | ■ | 51 | | | | ■ | 52 | | |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)



# ሻምፕዮን ኤርትራ 2026
















ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ
ሄኖክ ተኸለገርግሽ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሚልክያስን ዮናታንን፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2026 ኮይኖም

### ሚልክያስ ማእከሉ፡ ማእከል ስሕበት ቅድድም ብሽክለታ . . .

ሓደ ካብቶም ናይ ዝሓለፉ ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት፡ ናይ ዞባ ማእከል ትስፉዋት ተቐዳደምቲ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ብዘበርኦ ሓያል ዓቕሚ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንመወዳድርቱ ብሰፊሕ እናበለጸ ይዕወት ነይሩ፡፡ ንዛገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወኪሉ'ውን ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተሰርዐ ውድድራት ተጠሚቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ፡፡ ኣብ 2025 ናብ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኣይድ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብታ ንብሪጣንያዊት ክለብ ኢንዮስ እትምግብ ካልኣይቲ ክለብ ተሰጊሩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ተመኩሮ ክቐስም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሰንበት 28 ሰነ 'ሻምፕዮን ናይ ዓበይቲ ትሕቲ 23 ዓመትን ናይ ጽርግያ ውድድር ኤርትራ 2026' ዝብል ኣብ ሰዉ ታሪኹ ዓቢ ዓወት ኣጽሒፉ 'ማእከል ስሕበት ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኮይኑ ኣሎ' - ሚልክያስ ማእከሉ፡፡

ሓሙስ ብናይ ደቂ ኣንስትዮ ዝጀመረ ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ብቐደምቲ ትማሊ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ማእከሉት (ጅንጃር) ከም'ኡ'ውን ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ ብዝተዳዶም ናይ ጽርግያ ውድድር ተዛዚሙ፡፡

ኣብዚ ሎሚ ዓመት ዓቐብ ፎርቶ ዳምማይ ዝተኻተተሉ ውድድር፡ ጅንጃር ተቐዳደምቲ 122.4 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም፡፡ ኩሉን ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ጋንታታት፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ሰለስተ ጋንታታት ሻሉኽ፡ ፌደሲን መጉዓዝያን፡ ከም'ኡ'ውን ሶማናዊ ቀይሕ ባሕሪን ጋሽ ባርካን ሓሓንቲ ጋንታ፡ እንተላይ ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ድማ ተሳቲፎም፡፡

ዝበለጹ ተቐዳደምቲ ዓለም ዝኾኑ ቢንያም ግርማይ ዝኸፈረሉ ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ብዘተጉብረ መጥቃዕቲ ብኢጋኡ ክሕቆን ጀሚሩ፡፡

ብ14 ደቒቕን 30 ካልኢትን ኣብ ዝዛዘምዎ ቀዳማይ ዙርያ፡ ናይ ዓሚ ዕዉት ናይዚ ውድድር ተቐዳዳማይ ጃፓናዊት ክለብ ጀይሲኤል ናሆም ዘርኣይ፡ ናይ 2023 ዕዉት ኣማን ዓወት ካብ ኢስታንቡል በዩክሰሂር፡ ከም'ኡ'ውን ሮቤል ዳዊት - ሰምበል፡ ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ሳሙኤል ተወልደን ፊሊሞን ፍስሃየን ቀዳመይቲ ጉጅለ ማስረቱ፡፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ፡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብን ኤፍሬም ዘርኣጋብርን ካብ ደንደን ተወሰኽዎም፡፡ ክሳብ ኣብ ራብዓይ ዙርያ ልዕሊ 15 ተቐዳደምቲ ዝጸሐሉ ክኣ ንድሕሪኦም ዝበረት ጉጅለ ክሳብ ናይ 39 ካልኢት ፍልልይ ኣንጻፎም ነይሮም፡፡


ዓበይቲን ምኩራትን ተቐዳደምቲ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ናትናኤል ብርሃነ መርሃዊ ቅዱስን ዝበሩዋ ዓባይ ጉጅሉ ብማዕዶ ፍልልያ እናዓቀበት ትዕዝብ ነይራ፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዘፍተን ዝበረ መጥቃዕቲ ብዙሓት ጉጅለታት እኳ እንተተፈጥራ፡ ኣይከኣልምታ ውድድር ክዛዘም ትሽዓተ ዙርያ ምስ ተረፎ ማለት ፍርቂ ፍሕቀት ምስ ተሸፈነ ዝተማስረተት ጉጅሉ፡፡ እዛ ንኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን (ዎልደር ቱር) ዝወዳደራ ክለባት ኣስታናን ሞቪስታርን ዝጻወቱ ዝበራ ጉጅለታት ነጠርም ከርክበዋ እኳ እንተፈተኑ፡ ኣይከኣሉን፡፡

ገለ ወገናት ብፍላይ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ናይዚ ዓውዲ ዘለዎም፡ ሄኖክን ናትናኤልን ምስቲ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ዓለም ዝጻወቱ ምኩራት ተቐዳደምቲ ምዃኖም፡ ዛጊት ኣብ ናቶም ደረጃ ዝይበጽሑ ሚልክያስን ኬቨንን መጥቃዕቲ ፈጺሞም ክትርፍዎም ግምቶም ይህቡ ነይሮም፡፡ ኣብ ወሸጢ እታ ጉጅለ ዝበረ ሰሚታትን ነገራትን ብምሉኡ ከተንብቦን ክትርድኦን ግና ኣይከኣልን፡፡

እዛ ምስተን ተመቻቺለን ዝስዕባ ዝበራ ጉጅለታት ዝበራ ፍልልይ እናዓቀበትን ኣብ ገለ ዙርያ እናግፋሐትን ትጉዓዝ ዝበረት መራሒት ጉጅሉ፡ ውድድር ሰለስተ ዙርያታት ወይ ኣስታት 30 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ፡ ካብ ትጽበዮ ወጻኢ ፍጻመ ኣርኢያ፡፡ "ዚያዳ ኣብ ሽኳ እዩ ሓይሉ፣ ብናይ ሓደኦም መጥቃዕቲ ግዳይ ክኾውን ይኽእል እዩ" ዝተባህለሉ ሚልክያስ፡ ብዘወሰዶ ቀራጽ ስጉምቲ ማሕዲግዎ ክጉዓዝ ጀሚሩ፡፡ ኬቨን ግና፡ ካብታ ጉጅለ ተሪፉ፡ ብትሰዕቦ ዝበረት ጉጅለ ተዋሒጡ፡፡

ድሕሪ ሚልክያስ ዝስዕቡ ዝበሩ ሄኖክን ናትናኤልን ኣብ መንጎኦም ዝበረ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ብደገ ኮይንካ ክትዕዘቦ ጽቡቕ ኣይመስልን ነይሩ፡፡ በዚ ከይኣካ ኣይተርፍ፡ 'ንዝተረፈ ኣስታት 30 ኪሎሜተር በይኑ ክውድኦ ይኽእል'ዶ፣ እናተባህለ





የናታን፡ ብቅጽበታዊ ውድድር ኣብ ዝተዓወተሉ



ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዕወታት ሚልክያሱ ጺጋምን የማንን ዘለዉ ከኣ ንፍታሌምን ናታንን



ንፉልማይ ግዜኡ ሻምፕዮን ዝኾነ ሚልክያስ ምስ ሄኖክ (ጺጋማይ) ናትናኤል (የማናይ)



ናይ ማእከሎት ዕወታት፡ የናታን እያብድን ዊልያምን

ኣብዚ ከም ወርትግ ብሓያል ናህሪ ጀሚሩም ፍጥኑቶም ከይጎደሉ መሳጢ ጸወታ ዘርኣዩሉ ውድድር፡ ዝያዳ ናይ ማእከል ተቐዳደምቲ ጸብለል ኢሎም፡፡ እዞም ኣብዚ ዞባ ብዝሰርዑ ዝሓሹ ውድድራት ካብ ኣብ ካልኦት ዞባታት ዘለዉ ተቐዳደምቲ ጸብለል ዝበለ ብቕዓት ክህሉ ክኢሎም ዘለዉ ተቐዳደምቲ፡ ነዚ ውድድር ቀሊሶሞን ተዓዊቶምሉን፡፡

ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 42.1 ኪሎሜተር እናረገጹ ብ2 ሰዓት፡ 54 ደቒቕን 16 ካልኢትን ብሽኳ ንዝዛዘምዎ ውድድር ከኣ ተቐዳዳማይ ደንደን - የናታን ቴድሮስ፡ ንወዲ ጋንታኡ እያቤድ ኤፍሬም በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ - ናይ 2026 ሻምፕዮን ድማ ኮይኑ፡፡ ዊልያም ዘርኢት ካብ ኣሰቤኡ፡ ኑሓስ መዳልያ ኣንጠልጢሉ፡፡

ንፍታሌም ቅዱስ - ደንደን፡ ሮሚዮ ግዕጻዊ ጋንታ ደቡብ፡ ሰም ኣፈወርቂ - ኣሰቤኡ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃታት ሒዞም፡፡

ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን፡ 10 ዙርያታት ማለት 183.6 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም፡፡ እዚ ቀዳም 4 ሓምለ ንዝጀምር ዙር ፈረንሳ ኣብ ምድላው ዝርከብ ሓደ ካብ

ሄኖክ ምሉእብርሃንን ናትናኤል ተስፋጼንን፡ ከም'ኡ'ውን ኣባል ናይ'ታ ንዓባይ ጋንታ ኣብ እትምግብ ክለብ ኢንዮስ (ኣብ ካልኣይቲ ጋንታ) ዝርከብ ሚልክያስ ማእከሉ ኣብ ፀሰኣይ ዝሰልጥን ዘሎ ኬቨን ተኽለማርያም ዝሓዘት ጉጅሉ፡ ንኣስታት 60 ኪሎሜተር ብሓደ ተጓዒዞ፡ ገለ ተቐዳደምቲ'ውን ካብ ድሕሪኣ

ዝተጓዕዘ ሚልክያስ፡ ፍልልይ እናግፋሐ ተሓንበበ፡ ንዋሒ ኪሎሜተራት ንበይንኻ ተጓዒዝካ ብእትዕውተሉ ኣገባብ (ብቕድሚ ሶሎ 'Solo') ከኣ ብ4 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 29 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ - 'ሻምፕዮን 2026' ኮይኑ፡፡

ሄኖክ፡ ምስኡ ንዝበረ ናትናኤል ሰዒሩ፡ 2 ደቒቕን 33 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ኣትዩ፡፡

ዛጊት ዝበለጸ ደረጃኡ ድማ እዩ - ድሕሪ'ቲ ኣብ 2023 ዝሓዞ ሳልሳይ ተርታ፡፡ ኣብዚ ውድድር ካብ 2022 ንደሓር ብዘይካ ኣብ 2023 ካብ መድረኽ ዘይተፈልየን ናይ 2024 ዕዉትን ናትናኤል፡ 2 ደቒቕን 37 ካልኢትን ድሒሩ ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ፡፡

3 ደቒቕን 18 ካልኢትን ደንጒያ ካብ ዝመጸት ጉጅሉ፡ ተቐዳዳማይ ደንደን ንፍታሌም ኤፍሬም ንወዲ ጋንታኡ ናታን ተስፋኣለም ሰዒሩ፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ፡፡ ኣባል ሰምበል - ናኦድ በረኸት፡ ኣብ ፀሰኣይ ዝሰልጥን ዘሎ ያፌት ሙልጌታ፡ ሓሙሻይን ሻዱሻይን ኣትዮም፡፡

ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት'ውን ሚልክያሱ ሻምፕዮን እዩ፡ ናይ ወሸጢ ዓዲ ተቐዳደምቲ ንፍታሌምን ናታንን ከኣ መድረኽ ደይቦም፡፡



ኬቨን፡ ሚልክያስ፡ ናትናኤልን ሄኖክን ናይ በይኖም ጉጅለ ኣብ ዝመስረቱሉ

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ዓለም ዙር 32**

ኣይቮሪኮስት - ኖርወይ 8፡00 ድ.ቀ

**ረቡዕ**

ፈረንሳ - ሽወደን 12፡00 ቅ.ቀ (ፍርቂ ለይቲ)

መክሰኮ - ኤኳዶር 4፡00 ቅ.ቀ

እንግሊዝ - ድ.ሪ.ኮንጎ 7፡00 ድ.ቀ

ቤልጅዩም - ሴኔጋል 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ላቲቭያ ፋብሪካ ድሮን ትተክል

ላቲቭያ፡ ምስ ዩክሬን ብምትሕብባር ኣብ ጥቓቲ ምስ ሩስያን ቤላሩስን ዘራኽብ ምብራቓዊ ዶብታ ፋብሪካ ድሮን ክትተክል ምዃና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ኣንድሪስ ኩልብርግስ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ድሮናት ዩክሬን ብተደጋጋሚ ንሰሜናዊ ምዕራብ ሩስያ ዒላማ ክገብራ ምጽንሐን ዝፍለጥ እዩ።

እንተ ኾነ ገለ ካብተን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ማስመርን ስሒተን ኣብ ላቲቭያ፡ ኢስቶንያ፡ ሊትዋንያን ፊንላንድን ክወድቃ ምጽንሐን እየን ጸብጻባት ዘረድኡ።

ሩስያ፡ ሃገራት ባልቲክ ክሊ ኣየረን ንሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ክፈቕዳ ከም ዘይብለን እንተ ዘየኮይኑ ግና ኣብ ልዕሊአን ሕነ ክትፈዲ ምዃና ከተጠንቅቕ ምጽንሓ እዩ ዝግለጽ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ላቲቭያ ኣንድሪስ ኩልብርግስ፡ እቲ ፕሮጀክት፡ ላቲቭያን ዩክሬንን ኣብ ኢንዱስትሪ ምክልኻል ዘለወን ምትሕብባር ንምድንፋዕ ዝዕለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

"ላቲቭያ ምስ ዩክሬን እትምስርቶ ሓባራዊ ትካል መፍረ ድሮናት፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከም ዝትከል ክትገብር ኢያ" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ብዓል ስልጣን፡ ሃገሩ ኣብ ዝቐጸለ ክልተ ኣዋርሕ'ውን ኣብቲ ምስ ሩስያን ቤላሩስን ዘራኽብ ዶብ መማኸኒ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከተዋፍር መደብ ከም ዘለዋ ገሊጹ።

## ፈረንሳ - ብሰንኪ ሙቐት ልዕሊ ሽሕ ሰባት ሞይቶም

ሰብ መዚ ጥዕና ፈረንሳ፡ ሓደ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ እዋን ብሰንኪ ልዑል መጠን ሙቐት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ ሓቢሮም።

ኣብታ ሃገር መጠን ሙቐት ልዕሊ 40 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ በጺሑ ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ጥዕና ኣረዲኦም።

ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ፈረንሳ ብወገኑ፡ 85 ሚእታዊት ካብ'ቶም ግዳያት ዕድመኦም 65 ዓመትን ልዕሊኡን ምዃኑ ገሊጹ።

ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ግዝኦም ከለዉ ዝሞቱ'ውን ኣስታት 40 ሚእታዊት ከም ዝኾነ እቲ ትካል ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ዞባታት ኖርማንዲ፡ ብሪታኒ፡ ሴንተር-ቫል ደ ሎዋር፡ ፔይስ ደ ላ ሎዋርን ኖቨል-ኣኩቴን ድማ፡ ዝያዳ ካልኦት ዞባታት በቲ ማዕበላዊ ዋዒ ተዃእየን ከም ዘለዋ ሰብ መዚ ፈረንሳ ይገልጹ።

ብሰንኪ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ልዑል መጠን ሙቐት፡ ዓመታዊ ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ፓሪስ ዝቕየድ ዝነበረ ፈስቲቫል ከም እተሰረዘ ማዕከናት ዜና ፈረንሳ ሓቢረን።



ሰብ መዚ ጥዕና ፈረንሳ ወሲኾም፡ ብፍላይ ኣብ ፓሪስ ዝርከቡ ሆስፒታላትን መላእ መቓብራትን ኣብ ከቢድ ስራሕ ተጸሚዶም ከም ዝርከቡ ገሊጾም።

ገለ ፖለቲከኛታት ናይታ ሃገር ግን፡ መንግስቲ ፈረንሳ ነቲ ቅልውላው ክሎ ኾነ ከም ዘይተዳለወሉ እዮም ዝወቕሱ።

እንተ ኾነ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ፈረንሳ ሎረንት ኑኒዝ ነቲ ወቐሳታት ነጺግዎ ኣሎ።

"ንሕና ከምቲ ገለ ፖለቲከኛታት ዝብልዎ ዘይኮና ተዳሊናሉ ጸኒሕና ኢና። ስለዚ ከኣ እዋን ከሎን ወዱብቲ ኣገልግሎታት ብዝዀነ ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎዋ" ክብል'ውን ተዛሪቡ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ መጠን ሙቐት ኣብ ጀርመን 41.7 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ቸክ ሪፓብሊክ ድማ 41.1 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ በጺሑ ምንባሩ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ፓኪስታን፡ 29 ኣፍጋናውያን ዕጡቓት ቀቲላ

ሓይልታት ጸጥታ ፓኪስታን፡ ኣብ ዶብ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ብዘካየድዎ ናይ መሬትን ኣየርን መጥቃዕትታት 29 ዕጡቓት ከም ዝቐተሉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ሚኒስተር ዜና ፓኪስታን ኣታውላህ ታራር፡ እቲ ስርሒት፡ ኣብ መላእ እታ ሃገር ብዕጡቓት ጉጅለታት ንዝተፈጸመ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ምላሽ ንምሃብ ከም እተኻየደ ገሊጹ።



ምክትል ኣፈኛ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን ሓምዱላህ ፊትራት ብወገኑ፡ በቲ ፓኪስታን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 36 ሰላማውያን ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 163 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ሓቢሩ።

እቲ ስርሒት፡ ሓደ ዕጡቕ ጉጅለ ኣፍጋኒስታን ኣብ ከተማ ካራቺ ንዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሰራዊት ዒላማ ብምግባር ሰለስተ ፓኪስታናውያን ወተሃደራት ድሕሪ ምቕታሉ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ከም ዝተኻየደ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ካብ ዝሓለፈ ለካቲት ኣትሒዙ ኣብ ዶብ ፓኪስታንን-ኣፍጋኒስታንን ብሰንኪ ዝርኣ ዘሎ ተደጋጋሚ ግጭታት፡ ዛጊት ኣማኢት ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም ከም ዘለዉ እዩ ዝግለጽ።

ፓኪስታን፡ ኣፍጋኒስታን ንዩም ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ ግዝኣታ መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ዘለዉ ዕጡቓት ጣሊባን ተዕቑብ ምህላዋ ኢያ ትኸስስ።

ኣፍጋኒስታን ብወገና፡ ንክሲ ፓኪስታን ከም ዘይትቕበሎ ኢያ ደጋጊማ መልሲ ትህብ ዘላ።

## እስራኤል፡ ንትሕተ ቅርጺ ሕዝቦላህ ኣዕንያ

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ንዝርከብ ሕዝቡላህ ይጥቀመሉ ከም ዝነበረ ዝገለጾ ናይ ትሕቲ መሬት ትሕተ ቅርጺ ከም ዘዕነወ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ብመሰረት ሚኒስተር ምክልኻል ናይታ ሃገር እስራኤል ካትዝን ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እስራኤል ኣስታት 200 ሜትር ንዝንውሓቱ ገልርያ ዒላማ ብምግባር ኣዕንያቶ ኣላ።

ሓበሬታ ሮይተርስ የመልክት።

እስራኤል፡ ኣብቲ ገልርያ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዝተፈላለዩ ኣጽዋራት ተሓቢኡ ከም ዝነበረ እያ ትገልጽ።

ሕዝቦላህ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ግን፡ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ትቕጽሎ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብቐሊሉ ዝጥሕስ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንመሬቱን ህዝቡን ናይ ምክልኻል መሰሉ ዝተሓለወ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።



እቲ መጥቃዕቲ፡ እስራኤልን ሊባኖስን ብመንገኛነት ኣመሪካ ተሓጊዘን ኑቲ ግጭት ደው ክብላ ድሕሪ ምስምማዐን ድሕሪ ክልተ መዓልታት ከም ዝተፈጸመ እዩ ዝግለጽ።

እስራኤል ካብ ገለ ከበቢታት ደቡባዊ ሊባኖስ ሰራዊታ ክትስሕብ ሓደ ካብቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምዃኑ፡ መርበብ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ብወገኑ፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ብምጽናሕ ንትሕተ ቅርጽታት ሕዝቦላህ መሊኡ ከም ዘዕኑዎ፡ ድሕሪኡ ናይ'ቶም ኣብቲ ከባቢ ዶብ ዝነብሩ ዜጋታት እስራኤል ድማ ከም ዝሕሉን ገሊጹ።

## ዒራቕ፡ 47 ሰብ ስልጣን ኣሲራ

መንግስቲ ዒራቕ፡ ብብልሽውና ዝተጠርጠሩ 47 ላዕለዎት ሰብ መዚ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ ገሊጹ።

እቲ ናይ ማእሰርቲ ወፍሪ ኑቲ ኣመራጻ ኣቕዲማ ንኢራን ይሕግዝ ከም ዘሎ ዝኸሰሰቶ ምክትል ሚኒስተር ኑፍዲ ናይታ ሃገር ዓሊ ማሪጅ ዒላማ ዝገበረ ከም ዝኾነ እዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ግንቦት ኣብ ልዕሊኡ እገዳ ከም ዘንበረት ይዝከር።

እንተ ኾነ እቲ ብዓል ስልጣን ንክሲ ኣመሪካ ብተደጋጋሚ ክነጽጎ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝሕበር።

ኣፈኛ መንግስቲ ዒራቕ ሃይደር ኣል ዓቡዲ፡ ወፍሪ ጸረ ብልሽውና ኹኖ ከም ዝቐጽል ኣፍሊጡ'ሎ።



ኣሃዱታት ጸረ ሽበራ ብሰንብት ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ሰብ ስልጣን መንግስቲ፡ ኤምባሲ ኣመሪካን ካልኦት ዲፕሎማስኛታትን ጸዑቕ ተፍትሽ ከም ዘካየዱ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ' ንምንጪታት ጸጥታ ናይታ ሃገር ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ምክትል ሚኒስተር ኑፍዲ ዓሊ ማሪጅ ብዙሕ ዝዋጋኡ ኑፍዲ ዒራቕ ናብ ኢራንን ብኢራን ናብ ዝድገፉ ዕጡቓት ጉጅለታትን ከም ዘሰጋገረ ብምኽሳስ፡ ኣብ

ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ዲፕሎማሲኛ ናይ'ታ ሃገር ብወገኑ፡ እቲ ናይ ማእሰርቲ ዘመተ፡ ኣካል ምድላዋት ናይቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ ዓሊ ኣልዛይዲ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ናብ ኣመሪካ ዝገብሮ ዑደት ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ግንቦት ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፡ ኣብታ ሃገር ንዘሎ ብልሽውና ክቃለሶ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ምንባሩ እዩ ዝግለጽ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ገነት | 30/6/2026 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services